
# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 34 ዓመት ቁ.227 ዓርቢ 23 ግንቦት 2025 ገጻት 12 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
ኣብ ስድራቤት ዝርአ ወጥሪ...


ገጽ 3
ርክብ መራሕቲ ኣመሪካን...


ገጽ 4


ገጽ 5
ተጋዳላይ፡ ካብ ጉስነት ...


ገጽ 8
መኽተ ስዉር መቑሕ



## መራሕቲ ዝተፈላለያ ሃገራት ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም



መራሕቲ ፈደረሽን ሩስያ፡ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ሸወደን፡ ረፓብሊክ ጀርመን፡ ረፓብሊክ ዛምብያ፡ ረፓብሊክ ፓኪስታንን ሃገረ ፍልስጤምን፡ ብምኽንያት መበል 34 ዓመት ጽንብል ናጽነት፡ ናብ ህዝብን መንግስትን ኤርትራ ናይ ዮሃና መልእኽቲ ሰዲዶም።

ፕረዚደንት ፈደረሽን ሩስያ ቭላዲሚር ፑቲን፡ ንጉስ ዓባይ ብሪጣንያ ቻርለስ፡ ንጉስ ሸወደን ካርል ጉስታቭ፡ ከምኡ'ውን ፕረዚደንት ፈደራላዊት ረፓብሊክ ጀርመን ፍራንክ-ቫልተር ሽተይንመየር ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕና፡ ንኤርትራን ህዝብን ድማ ሰላምን ብልጽግናን ተመንዮም።

ፕረዚደንት ረፓብሊክ ዛምብያ ሃካይንደ ሂቺሌማ፡ ጸሓፊ ባይቶ እስላማዊት ረፓብሊክ ፓኪስታን፡ ከምኡ'ውን ፕረዚደንት ሃገረ ፍልስጤም ማሕሙድ ዓባስ ኣብ ዝሰደድዎ መልእኽቲ፡ ንፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ምሉእ ጥዕና፡ ንኤርትራን ህዝብን ድማ ራህዋን ብልጽግናን ተመንዮም።

እቶም መራሕቲ ኣብ መልእኽቶም፡ ክልተኣዊ ዝምድናታት ሃገራቶም ምስ ኤርትራ ንምምዕባል ዘለዎም ድሌት ብምግላጽ ዝምድና ሃገራቶም ምስ ኤርትራ ንምድንፋዕ ከምዝሰርሑ ኣረጋጊጾም።

## ልኡኽ ኤርትራ፡ ኣብ ሳልሳይ ዋዕላ ሚኒስተራት ኣፍሪቃዊ ሕብረትን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ተሳቲፉ

ኣምባሳደር ነጋሲ ካሳ፡ ኣምባሳደር ኤርትራ ኣብ ኤውሮጳዊ ሕብረትን ሃገራት በለክስን ዝመርሖ ልኡኽ ኤርትራ፡ ብ20ን 21ን ግንቦት ኣብ ከተማ ብራስልስ ኣብ ዝተኻየደ፡ ኣብ ብዙሓዊ ምትሕግጋዝ፡ ሰላምን ጸጥታን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ብልጽግናን ፍልሰትን ኣብ ዘተኮረ 3ይ ዋዕላ ሚኒስተራት ኣፍሪቃዊ ሕብረትን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ተሳቲፉ።

እዚ ብመራሕነት ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣንጎላን ኣቦመንበር ባይቶ ሚኒስተራት ኣፍሪቃዊ ሕብረትን ኣምባሳደር ቴተ ኣንቶኛዮን ላዕለዋይቲ ተጸዋዒት ዝምድናታት ወጻኢን ጸጥታን ኤውሮጳዊ ሕብረት ወ/ሮ ካያ ካላስ ዝተኻየደ ዋዕላ፡ ዝጸንሐ ዓለማዊ ስርዓት ብበዙሕ ሰብሰርሖን ባርያውን ነውጽታት ኣብ ዝሓልፈሉ ዘሎ መድረኻዊ ሰዋር ናብ ብዙሓዊ ዓለማዊ ስርዓት፡ ንኣፍሪቃ ዘርብሕ ዓለማዊ ፋይናንስያዊ ስርዓት ክቐየስ ከምዘለዎ ተገዚቡ።

ንጉዳይ ግጭት ሱዳን ብዝምልከት፡ ልኡላውነትን ግዝኣታዊ ሓድነትን ሱዳን ክኽበር፣ ልኡላውነት ሃገራዊ ትካላት ሱዳን ክሕሎ፣ እቲ ተኸሲቱ ዘሎ ቅልውላው ድማ ብዘይ ግዳማዊ ምትእትታዊ ብዘቤታዊ ኣልያ ክፍታሕ ከምዘለዎ ገሊጹ።

ብዘይካ'ዚ፡ ዘይሕጋዊ ፍልሰት ንምቅላስ፡ ኣብ ሃገራት መበቆል - ወፍራ ከምኡ'ውን ዕድላት ምምዕባል ዓቕሚ ሰብ፡ ሸቐለትን ትምህርትን ክፍጠር ከምዘለዎ ኣስሚሩሉ።

3ይ ዋዕላ ሚኒስተራት ኣፍሪቃዊ ሕብረትን ኤውሮጳዊ ሕብረትን ኣብ መወዳእታ፡ ሓባራዊ መግለጺ ኣውጺኡ።




## ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ጽንብል ናጽነት ብኽብ ዝበለ ማዕርግ ተጸንቢሉ

መበል 34 ዓመት ናጽነት፡ "መስመርና ድርዕና" ብዝብል ቴማ ብደረጃ ዞባ ጋሽ-ባርካ ብ21 ግንቦት ኣብ ባረንቱ ብኽብ ዝበለ ማዕርግ ተጸንቢሉ።

ኣብ'ቲ ላዕለዎት ሰበስልጣን መንግስትን ግንባርን ከምኡ'ውን ኣሽሓት ህዝቢ ዝተረኽብሉ ኣጋጣሚ፡ ብደረጃ ምምሕዳራት ከባቢ ዝተወደበ ብህላዊ ጸወታታት ዝተሰነየ ህዝባዊ ሰልፊ፡ ልዕሊ 300 ኣባላት እዚ ምዕራብ ዝተሳተፍዎ ወተሃደራዊ ሰልፊ፡ ንትርጉም ናጽነትን ናይ መኸተ መድረኻትን ዘንጸባርቕ ባህላውን ስነጥበባውን መሰናድኦታት፡ ከምኡ'ውን ምርኢት ክላስተኒክስ ተመሃሮ ቀሪቡ።

ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ባህልን ስፖርትን ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣቶ እድሪስ ሳልሕ፡ ጽንብል ናጽነት ንምድማቕ ካብ መፋርቕ ወርሒ መጋቢት ጀሚሩ - ክሳብ ምምሕዳራት ከባቢ ዝወርድ ምድላዋት ከምእተገብረ፣ ኣብ ቀዳማይ ሰሙን ናይ ወርሒ ግንቦት ጀሚሩ ክሳብ 24 ግንቦት ዝቕጽል ዝተፈላለዩ መሰናድኦታት ድማ ኣብ 16 ንኡሳን ዞባታትን 221 ምምሕዳራት ከባቢን ይካየድ ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ህዝቢ፡ ኣካላት መንግስቲ፡ እዚ ምዕራብን እዚ ምክትታል ሰሜን ምዕራብ ዶባትን ንዘበርክትዎ ልዑል ኣስተዋጽኦ ምስጋና ኣቕሪቡ።

ኣመሓዳሪ ዞባ ጋሽ-ባርካ ኣምባሳደር ማሕሙድ ዓሊ ሕሩይ ብወገኑ፡ ዕለተ ናጽነት - ንዝተኸፍለ ሪዚን ዋጋ እናዘከርና፡ ኩለመዳያዊ መኸተና ንምሕያል ቃል እንኣትወሉን እንሕደሰሉን ርእሰ ሃገራውያን በዓላትና ከምዝኾነት ብምጥቃስ፡ ንፍሉይነት ኣቲናዮ ዘሎና መድረኽ ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ወሽጥን ወጻእን ዝነብር ኤርትራዊ፡ መድረኽ ዝጠልቦ ግቡኣት ብምምላእ መደባት መኸተን ልምዓትን ንምዕዋት ዓጺፉ ክሰርሕ፡ ጻውዒት ዘቕረበሉ ሃገራዊ ዕማም ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

ኣብ ዞባ ጋሽ-ባርካ፡ ብዝተፈላለየ መሰናድኦታት ንዝፈለመ ጽንብል መበል 34 ዓመት ናጽነት፡ ህዝቢ ብደረጃ ምምሕዳራት ከባቢን ንኡሳን ዞባታትን ተወዲቡ ኮማዊ ዳንስ ብምትካል፡ ኣብ ኩለን ንኡሳን ዞባታት ብድምቀት ይጽንብሎ ኣሎ።



**መስመርና ድርዕና!**

# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ኣብ ስድራቤት ዝርአ ወጥሪ ከመይ ገይርካ ትቆጻጸሮ?

ወጥሪ ንወዲ-ሰብ ኣብ ህይወቱ ካብ ዘጋጥሞ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ'ዩ፡፡ ንዘጋጥሞ ሰብ ኪጋጥሞ ዝኽእል፡ ናይ ወዲ ሰብ ኣእምሮኣዊ ግብረ መልሲ እዩ፡፡

ዓይነት ወጥሪ ከበድትን ፈኲሶትን ተባሂሎም ከም ደረጃኦም ይኽፈሉ፡፡ እዚ ደረጃዚ ኣብ ተጻዋርነትን ኣፈታትሓን በቲ ስነ-ኣእምሮኣዊ ጸቕጢ ዝተጠቕዐ ውልቀ-ሰብ እዩ ዝምርኮሶ፡፡

ብርግጽ፡ ኣካላት ወዲ ሰብ ብወጥሪ ክምኮርን ንምእላዩ ክቃለሶን ብዘኽእሉ ኣገባብ ዲዛይን ኮይኖም እዮም ተፈጢሮም፡፡ ለውጢ ወይ ብድሆታት ኪጋጥመና እንከሎ፡ ኣካላትና ኣካላውን ኣእምሮኣውን ግብረ መልሲ ይህብ እዩ፡፡ ነቲ ግብረ-መልሲ ንምሃብ ኣካላትና ዘርእዮ ዘይንብር ተግባር ድማ ወጥሪ ንብሎ፡፡

ብሰንኪ ወጥሪ ዝመጽእ ግብረ-መልሲ፡ ኣካላትና ምስቲ ሓዲሽ ኩነታት ክወሃሃድ/ ክለማመድ ይሕግዞ፡፡ ኣብ ስድራቤት ዝፍጠር ወጥሪ ምእላይ ምስ ኣብ ውልቀኻ ዘጋጥመካ ወጥሪ ንምእላይ ካብ እትጥቀመሉ ኣገባብ ዝፍለ ኣይኮነን፡፡ ይኹን'ምበር ኣብዚ ኩሎም ኣባላት፡ ኣብታ ስድራ ክነብርዎ ብዝኾነ ዝኽእሉ ዓቕሞም ምፍላጥ ግና የድሊ፡፡ ሓደ ካብ ኣባላት ስድራ ንበይኑ ምሉእ ሓላፍነት ወሲዱ፡ ነቲ ወጥሪ ክኣልዮ ምፍታን ዝከኣል ኣይኮነን፡፡

### ወጥሪ ንምእላይ ካብ ዝሕግዙ ኣገባባት ምዕቃብ ኑቡስኣልያ

ኑብሽካ ክትኣሊ ምኽኣል፡ ንኹልኦት ኣባላት ስድራ ኣብ ምሕጋዝ ንዘዎገር ጻዕሪ፡ ኑብሽካ ኣብ ዝለዓለ ቦታ ከም እትቕመጥ እዩ ዝገብረ፡፡ ኑብሱኣልያ ብምኽያድካ እትረኽቦ ረብሓታት፡ ናብ ዝበለጸ ጠባይን ትርኢትን ዘለዎ ኣመለኻኽታ ከተምርሕ እዩ ዝገብረካ፡፡ መርኣያ ናይ ካልኦት ኣባላት ስድራ፡ ብፍላይ ድማ ህጻናት፡ ክትክውን ስለ ዝሕግዘካ፡ ብቐዳምነት ተጠቃሲ ትኾውን፡፡

### ክኢላዊ ሓገዝ ምሕታት

ብሰንኪ ወጥሪ፡ ኑብሽካ ኣሊኻ ዕለታዊ ንጥፈታትካ ብዘይ ምኽያድ፡ ኣብታ ስድራ ዘሸፍኦ ነውጺ ትፈጥር እንተለኻ፡ ናብ ክኢላታት ብምኻድ ዘድሊ ሓገዝ ክትሓትት የድሊ፡፡ እቲ ዘድልየካ ፍወሳ ብውልቃዊ ወይ ብመጻምድነቲ፡ ወይ'ውን ብምሉኦም ኣባላት ስድራ ደረጃ ዝወሰድ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡ እዚ እዩም ክኢላታት ስነ-ኣእምሮ ዝውሰንዎ እዩ ዝኾውን፡፡



### ብሉጽ መረዳድኢ መንገዲ ምንዳይ

ወጥሪ ብዘተፈላለዩ ኩነታት ካብ ሰባት ክግለለካ ይኽእል እዩ፡፡ ምስ ሰባት ማለት ምስ ኣባላት ስድራ ብኸመይ ከም እትረዳዳእ ዓሚቝ ኣፍልጦ ምስ ዝህልወካ ግና፡ ሓደ ካብቲ ዝበለጸ ወጥሪ ንምቁጽጻር ዝሕግዝ ኣገባብ እዩ፡፡ ኣባላት ስድራ ሓቢርም ኣብ ሓንቲ መኣዲ ክራኸቡ ምትብባዕ፡ ብኡ ኣቢልካ፡ ኣባላት ስድራ ኣብ ነንሕድሕዶም ምትሕግጋዝ ንምፍጣር ቀዳምነት ክህብዎ ከም ዘለዎም መርኣያ ምዃኑ፡ ኣብታ ስድራ ክርአ ንዘኽእል ወጥሪ ኣብ ምእላይ ዓቢ ተራ እዩ ዘለዎ፡፡

ህጻናት ካብ ወለዶምን ዓበይቲ ኣሕዋቶምን ዝረኣይዎ ነገር ናይ ምልማድ ባህሪ ስለ ዘለዎም፡ ከም ሓላፊ ስድራ፡ ዋላ ዘሕርቕ ነገራት ኣብ እትሰምዓሉ፡ ስምዒትካ ተቖጻጺርካ ክትዛረበን ክትምዕድን ይግባእ፡፡

### ተራ ናይ ሓላፊ ስድራን ወሉዱን ኣብ ምእላይ ወጥሪ

ኣብ ሓንቲ ስድራ ክፍጠር ዝኽእል ወጥሪ፡ ትጥቀመሉ ኣገባብ ሚላ ብዘዋግድስ ክትኣልዮ ወይ ደረጃኡ ከተጉድሎ ይከኣል እዩ፡፡ ሰዓብም ገለ ካብቶም ኣብ ስድራ ክፍጠሩ ንዝኽእሉ ዓይነታት ወጥሪ ንምእላይ ዝሕግዙ ምኽርታት ሰፊርም ደርከቡ፡፡

### ሓላፊ ስድራ ምስ እትኸውን ( ንኣብነት ኣቦ ወይ ኣደ ክኸውን ይኽእል)

ሓላፊ ስድራ ምዃን ንባዕሉ ከቢድ ጸቕጢ እዩ ዘለዎ፡፡ ብዘዎገእ ከተመሓድር ምስ እትኽእል ግና፡ ኣብቲ ስድራ ክፍጠር ንዝኽእል ዘይምቁዳው ብምእላይ፡ ሰላም ዘለዎ ናብራ ክትኣሊ ትኽእል ኢኻ፡፡ ነዚ ንምግባር፦

- ቀዳምነታትካን ዓቕምኻን ክተመዓራሪ ይግባእ፡፡
- ዘየድልዩ ዕማማት ካብ ምኽያድ ምቑጣብ፡፡
- ኣብታ ስድራ ዘሎ መጠን ደረጃ ብዋበእ ክተለሊ ምኽኣል፡፡
- ወጥሪ ክናግፍ ዝኽእል ዓይነት ምውሰዋስ ኣካላት ምኽያድ፡፡
- ኣድላዪ እንተኾይኑ'ውን ሕክምናዊ ፍወሳ ምግባር፡፡
- ካብ ትኣምኖም ዓቕሚ ኣለዎም ትብሎምን ሰባት ምኽሪ ምውሳድ፡፡
- ኣብ ኑብሽካ ግቡእ ቆላሕታን ክንክንን ምግባር፡፡ ምኽንያቱ፡ ንስኻ ብኣእምሮን ኣካላዊ ብቕዓትን ጥዑይ ምስ እትህሉ ጥራይ ኢኻ ነታ ስድራ ክትመርሕ ትኽእል፡፡
- ምስ ኣባል እታ ስድራ፡ ምስ ብጻልቲ ቤትካ ወይ ብጻል ቤትኪ ከም'ኡ'ውን ምስ ደቅኹም እሂን-ምሂን ምብህሃል፡፡ ኣድላዪ ኣብ ዝኾነሉ እዋን'ውን ምስ ኣባላት ስድራ፡ ናብ መዘናግዒ ቦታ ብምኻድ ክትዘናጋዑ ምፍታን፡፡

### ውሉድ ናይታ ስድራ ምስ እትኸውን

- ብዛዕባ ዘጨንቐካ ዘሎ ነገራት ክትሓስቡ ፈትን፡፡
- መዓልታዊ ምውሰዋስ ኣካላት ኣካይድ፡፡
- ከም ኣሕምልትን ፍረታትን ዝኣመሰሉ ብመኣዛ ዝሃብተሙ መግብታት ተመገብ፡፡
- መዓልታዊ ኣሰልቻውቲ ዝኾኑ ተደጋገምቲ ዕዮታት ካብ ምዕያይ ተቖጠብ፡፡
- እኹል ድቃስን ዕረፍትን ክትረክብ ፈትን፡፡

ኣብ ግዜ ወጥሪ ኣብ ኣካላትና ዝረኣዩ ኣካላዊ ምልክታት፡

- ቃንዛ ርእሲ፡
- ልብኻ ክትሃፍር ትደሊ ዘላ ክሳብ ዝመስለካ ቃንዛ ኣፍ-ልቢ፡
- ድኻምን ከተዕርፍ ወይ ክትድቅስ ዘይምኽኣል፡
- ልዑል ጸቕጢ ደም፡
- ቃንዛ ጭዋዳን ምሕርቃም ምንጋጋን፡
- ጸገም ምሕቃቕ መግቢን ዕግርግርን ምግላጽ፡
- ምድኻም ስርዓተ-መከላኸሊ ሕማም፡፡

### ኣብ ግዜ ወጥሪ ዝረኣዩ ስነ-ኣእምሮኣዊን ስምዒታዊን ምልክታት፡

- ሻቕሎት (anxiety)፡
- ቃዘኖት (depression)፡
- ራዕዲ፡
- ሓዘን፡

ገለ ካብ ብሓፈሻኡ ዝረኣዩ ኣለማዊልቲ ወጥሪ

- ኣብ ሓዳርካ ቅሳነት ዘይምህላው፡፡ ክብደት ማዕበሮ ወይ ናይ ቀጠበ ጸቕጢ ምስ ዘጋጥም ዝርአ ጸገም እዩ፡፡
- ክብደት ወይ ጻዕቂ ስራሕ ዝፈጥሮ ጸቕጢ፡፡
- ተጻሎ ምስ ዘጋንፍ ዝርአ ማሕበራዊ ጸቕጢ፡፡
- ሕማም ኣእምሮ ወይ ጉድለት ጥዕና ምስ ዝህሉ ዝፍጠር ጸቕጢ፡፡
- ጭእሲ፡ ጸልኢ ወዘተ ዝፈጥሮ ጸቕጢ ገለ ብቐዳምነት ካብ ዝጥቀሱ ጠንቅታት ጸቕጢ ኣእምሮ እየም፡፡

ናይ ሉሚ ኣርእስቲ ኣብ ስድራቤት ዝርአ ወጥሪ ዝምልከት እዩ፡፡

### ስድራቤታዊ ወጥሪ

ወጥሪ ኣብ ጥቓካ ብዘለው፡ ክትሰምዖም ኣጸገምቲ ኮይኖም ብዝሰምዑኻ ነገራት ይፍጠር እዩ፡፡ እቲ ወጥሪ ከውርዶ ዝኽእል ጽልዋ ተረዲእኻ፡ ክትኣልዮ ምፍታን እቲ ዝለዓለ ኣባላት ስድራ ክነብርዎ ዝግባእ ብቐዳምነት ዝሰርዕ ጥበብ እዩ፡፡ እዚ ንብዙሓት ሰባት ከቢድ ኮይኑ ዝሰምዖም'ኳ እንተኾነ፡ ሃዲእካ ክትርእዮ ምስ እትፍትን ቀሊልን ዝከኣልን እዩ፡፡

እትፈትዎም ሰባት ጠንቂ ብምዃኖም ዝሰዕብ ወጥሪ ከቢድ/ መሪር እዩ፡፡ ደቅና፡ ዓበይቲ ኣሕዋትና፡ ኣቦታትና፡ ኣዝማድና ወዘተ ዋላ'ኳ ንፍትዎም ካብ ዕለታዊ ንጥፈታትና ይኹን ኣብ ስምዒታትና ወጥሪ ክፈጥሩልና ይኽእሉ እዮም፡፡

ኣብ ኩሉ ስድራ ዘሎ ልሙድ/ ተደጋጋሚ ናይ ኣነባብራ ዓይነት ንባዕሉ ወጥሪ ዝፈጥር እዩ፡፡ ቆልዑ ምክንኻን፡ ናብ ቤት ትምህርቲ ምብጻሕን ምምላስን፡ መግቢ ምስራሕ ወዘተ ኑታ ስድራ ተወሳኺ ወጥሪ እዩ ዝፈጥሩላ፡ ናብራ ዝጠልቦ ነገራት ንምምላእ ተካይዶ ስራሕ፡ ኣብ ባጀት ናይ ስድራ ዝርአ ሕጽረት ወዘተ ጭንቀት ዝፈጥሩ ገለ ኣብነታት ናይ ስድራ እየም፡፡ እዚ ኾይኑ እቲ ግና፡ እቲ ወጥሪ ከይሳዕረረ እንከሎ ብኸመይ ክትኣልዮ ከም እትኽእል መንገድታት ምፍጣር ከም ዝከኣል ምእማን ኣገዳሲ እዩ፡፡

- ክርክር/ ዘይምስምማዕ፡
- ግዴታትካ ዘይምውዳእ፡
- ሕማም ገለ ካብቶም ብቐዳምነት ዝስርዑ ጠንቅታት ወጥሪ ኣብ ስድራ እዮም፡፡

እቲ ወጥሪ ብፍላይ ከቢድን ነዊሕ ዝጸንሐን ምስ ዝኸውን፡ ንጥዕና ኣእምሮን ካልእ ኣካልን ዝሃሲ ጸገም ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡

### እወታዊ vs ኣሉታዊ ወጥሪ

እወታዊ ወጥሪ 'ዩስትረስ' (eustress) ተባሂሉ ዝጸዋዕ ኮይኑ፡ ንሓጺር እዋን ዝጸንሕ ኣተባባዒ ስምዒት እዩ፡፡ ኣሉታዊ ወጥሪ ድማ 'ዲስትረስ' (distress) ይበሃል፡፡ ሻቕሎትን ቃዘኖትን ዝፈጥር ኮይኑ ንኽትኣልዮ ኣዝዩ ኣጸጋሚ ኮይኑ እዩ ዝስመዓካ፡፡

እቲ ወጥሪ እወታዊ ይኹን ኣሉታዊ፡ ኣብቲ እቲ ስምዒት ኣጋጢምዎ ዘሎ ግዳይን ክፍሮ ወይ ክኣልዮ ኣብ ዘለዎ ዓቕምን ትብዓትን እዩ ዝምርኮስ፡፡ ሓንቲ ኣደ፡ ውሉዳ ዝጠልቦ ነገራት ተደጋጋሚ ስለ ዝኾነ ክትረብሽን ክትጭነቕን ትኽእል ትኸውን፡፡ እታ ካልእ ኣደ ግና ነቲ ብውሉዳ ዝዋበር ተደጋጋሚ ጠለባት፡ ገለ መፍትሒ ዝኾነ ብልሓት ብምጥቃም ክትፈትሖ ትርእ ኢያ፡፡ ኣብዚ እታ ካልኣይቲ ኣደ ነቲ ደረጃ ወጥሪ ካብ ኣሉታዊ ናብ እወታዊ ደረጃ ከተውርዶ ትኽእል ኣላ ማለት እዩ፡፡

### ወጥሪ ዘስዕቡ ኩነታት ኣብ ስድራ

ሓዳር ምእላይ፡ ከም'ኡ ቆልዑ ምዕባይ (Parenting) ንባዕሉ ልዑል ጸቕጢ ዘለዎ ስራሕ እዩ፡፡ ወጥሪ ክፈጥሩ ዝኽእሉ ኩነታት ኣብ ስድራ ብዙሓት እየም፡፡ ገለ ካብኡ፦

- ሓዳር ምእላይ፡ ገዛውቲ ንምርካብ ምስ እትገብሮ ስራሕ ንምምጥጣን ተካይዶ ጻዕሪ፡
- ሓዲሽ ዝተወልደ ናጽላ ምእላይ፡ ቀዳሞት ምስ ዝበርካ ናይ ስራሕ ሓላፍነት ከተወሃህዶ ምኽኣል፡
- ኣብ ስድራ ዘጋጥሙ ዝምድናዊ ጸገማት፡
- ደቅኻ ናብ ቤት ትምህርቲ ምውሳድን ምምላስን፡ ምስ ዘለካ ስራሕ ግዜኻ ኣመዓራሪኻ ክትከይድ ምኽኣል ዘሎ ክበደት፡
- ብፍላይ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ብዛዕባ ውሕስነት ደቅኻ ምሕሳብ፡
- ማሕበራዊ ተጸሎ፡
- ደቅኻ ኣብ ትምህርቲ ብዛዕባ ዘጋጥሞም ሕልኽላኻት ምግዛብ፡
- ሕማምን ሞትን ናይ ትፈትዎም ሰባት ምርካብ ወዘተ፡

### ጽልዋ ወጥሪ ኣብ ስድራ

ደረጃ ናይ ስድራ ቤት ልክዕ ከም ኤሌትሪክ ዝዘርግሖ መመንጨዊ ሓይሊ ክግለጽ ይከኣል እዩ፡፡ ከምቲ ሓይሊ ኤሌትሪክ ጸዓት ምስ ዘጋጥሞ ዝበርዕ ስድራ ቤት'ውን ነቲ ኪጋጥሞ ዝጸንሐ ጸገማት በዮዘሉ ክፈትሖ ምስ ዘይጸንሕ፡ ኣብ መውጽኣትኡ ተደሚሩ ብዘፈጥሮ ሓይሊ ክኡዩ ግድን ይኸውን፡፡

ንነውሕ ዝበለ እዋን፡ ኣብ ከቢድ ወጥሪ ዝጸንሐት ስድራ፡ ብቐሊሉ ክፍታሕ ዘይኽእል ናይ ነዊሕ እዋን ናይ ምሕንጋድ ባህሪ እያ ተማዕብል፡፡ ውጽኢት ናይዚ ድማ፦

- **ክርክር** (Arguments)፡ እዚ ቀዳሞት ዝርአ ጽልዋ ናይ ወጥሪ እዩ፡፡ እዚ፡ ብሰንኪ ከይተፈትሐ ክውህለል ብዝጸንሐ ጸገማትን ኣብ ውሽጢ'ታ ስድራ ብዘሎ ድኹም ምብህሃልን መመለሱ ዝበራዕ ኩነታት እዩ፡፡
- **ጥዕናዊ ጸገም** (Health problems)፡ ሓንቲ ስድራ ብተደጋጋሚ ኣብ ጭቕጭቕን ከቢድ ናይ ስራሕ ወጥርን ትነብር እንተኾይና ኣካላውን ኣእምሮኣውን መጉዳእቲ ኪጋጥማ ዘሎ ተኽእሎ ዝለዓለ እዩ፡፡
- **ካብ ገዛ ወጻኢ ዝፍጠር ጸገማት** (Difficulties outside the home):- ኣብ ገዛ ይኹን ካብ ገዛ ወጻኢ፡ ኣብ ቤት ትምህርቲ ወይ ኣብ ናይ ስራሕ ክፍሊ፡ ከቢድ ጸገማት ኪጋጥመካ ምርኣይ፡፡ እዚ ብሰንኪ ጠባይካ ወይ ኣብ ዓቕሚ ኣፍራይነትካ ዝርአ ምጉዳል ዘስዕብ ክኸውን ይኽእል እዩ፡፡

### ኣብ ስድራ ወጥሪ ዘስዕብ ቀንዲ ጠንቂ እንታይ እዩ?

ኣብ ሓንቲ ስድራ፡ እቶም ቀንዲ ወጥሪ ዘስዕቡ ጠንቂ ተባሂሎም ኣብ ቅድሚት ዝስርዑ፦

- ደስፕሊን/ ስነ-ስርዓት ናይ ኣባላት ስድራ ብፍላይ ድማ ደቂ፡
- ፋይናንሳዊ ብድሆታት፡
- ዘይምምጥጣን ስራሕን ናብራን፡
- ልዕሊ ዓቕሚ ናይ ስራሕ ጻዕቂ ምህላው፡
- ፍትሕ ወይ ምፍልላይ ኣባላት ስድራ፡
- ጥዕናዊ ጸገም፡ ማለት ኣእምሮኣዊን ኣካላውን ክኸውን ይኽእል፡
- ትፈትዎ ወይ ምንጪ ቁጠባ ዝኾነ ወዲ ኣባል ስድራ ብሞት ምፍላይ፡
- ሕርሲ፡
- ወጥሪ ኣብ ስራሕ፡
- ስድራቤታዊ ሓላፍነት፡
- ንጸመዛመድ ክትኣልዮ ሓላፍነት ምስቶም ወዘተ ምጥቃስ ይከኣል፡፡

ምንጪ፦ choosingtherapy

## ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ


**ዋና ኣሰናዳኢ**

ብርሃነ ምሕረትኣብ

**ምክትል ኣሰናዳኢ**

ዓብደልቃድር ኣሕመድ

ቊ.ስ 116266 / 201820 (256)

**ቦርድ ምስንዳእ**

ዮሴፍ ሃይለማርያም

ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል

ተስፋኣለም የማነ

ቊ.ስ 201820 (250)

ፋክስ. 127749 - ቊ.ሳ.ጶ. 247

**ለይ-ኣውት**

ፍርቱና ኤፍሬም    ትንሱእ ፍስሃየ

ሳምራዊት ሃብተ    ሰሎሜ ኣፈወርቂ

**ምዝርጋሕ ጋዜጣ**

ቊ.ስ.163471-07588045

**ምልክታ**

ቊ.ስ. 125013 - ቊ.ሳ.ጶ. 1284

# ትንታነ ዜና

ሽዊት ተኽለ

## ርክብ መራሕቲ ኣመሪካን ደቡብ ኣፍሪቃን

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን ምስ ፕረዚደንት ዩክሬን ቮሎዲሚር ዘለንስኪ ኣብ ቤት ጽሕፈት ዋይት ሃውስ ዘካየዶ ወጥሪ ዝመልኦ ርሱን ክትዕ ዝመስል ርክቡ፡ ዝሓለፈ ረቡዕ እውን ምስ ፕረዚደንት ደቡብ ኣፍሪቃ ሲሪል ራማፎሳ ከም ዝደገሞ፡ ዝተፈላለያ ማዕከናት ዜና ኪጋውሓኦ ቀንየን።

እተን ማዕከናት ዜና፡ ትራምፕ፡ ህልቂት ጸዓዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያንን ምምንዛዕ መሬቶምን ዝበል ናይ ሓሶት ክሲ ኣብ ልዕሊ'ቲ ደቡብ ኣፍሪቃዊ መራሒ ከም ዘልዓለ እየን ዝሕብራ ዘለዋ።


ትራምፕ፡ ንደቡብ ኣፍሪቃ ኣድላዪ ዝኾነ ሓገዛት ድሕሪ ምስራዙ፡ ብ 'ኣፍሪካነርስ' ንዝፍለጡ ወሓዳን ጸዓዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ዕቑባ ድሕሪ ምፍቃዱ፡ ንኣምባሳደር ደቡብ ኣፍሪቃ ካብ ሃገሩ ድሕሪ ምብራሩ፡ ከምኡ'ውን ራማፎሳ ኣንጻር እስራኤል ኣብ ኣህጉራዊ ቤት ፍርዲ ዝቐረቦ ክሲታት ምጽናዕት ዓሌት ፍልስጤማውያን ድሕሪ ምንቃፉ፡ ርክብ ክልቲአን ሃገራት ሻሕኪሩ ምጽንሑ ጸብጻባት የመልክታ።

ይኹን'ምበር፡ ራማፎሳ ዝምድና ሃገሩ ምስ ኣመሪካ ዳግማይ ናብ ንቡር ክመልሶ ተስፋ ብምግባር እዩ ናብ ኣመሪካ ኣምሪሑ ነይሩ።

ራማፎሳ ካብ ትራምፕ ክመጽእ ንዝኽእል ጎንጺ ዝመልኦ ኣቀባብላ ተዳልዩሉ ከም ዝመጸ ዝሕብሩ ጸብጻባት፡ ንህቡባት ጸዓዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ተጻወትቲ ጎልፍ ኣሰንዩ ናብ ኣመሪካ ብምእታው፡ ኣብ ንግዲ ኣተኩሩ ክዘራረብ ከም ዝፈተነ ኣረዲኦም።

ኣመሪካ ካልኣይቲ ዝዓበየት ንግዳዊት መሻርኽቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ኮይና፡ ብመሰረት እቲ ትራምፕ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ ልዕሊ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣመሓላሊፉዎ ዘሎ ናይ እታው ንበረት ቀረጽ፡ ደቡብ ኣፍሪቃ እውን ናይ 30 ሚእታዊት ቀረጽ ተወሲኑላ ከም ዘሎ ይፍለጥ።

እንተኾነ፡ ኣብቲ መልክዑ ዝቐየረ ርክብ ክልቲኦም መራሕቲ፡ ትራምፕ ብቕልጡፍ ናብቲ ብዛዕባ ንኣተሓሕዛ ጸዓዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ዝምልከት ዝርዝራት ብምስጋር፡ ንክሲታቱ የራጉዱ እዮም ዝበሎም ተንቀሳቓሲ ምስሊታትን ዝተፈላለየ ሕትመት ዜናታትን እዩ ክቐርብ ተራእዩ።



ኣብቲ ዝተወልዐ ቪድዮ፡ ትራምፕ መቓብር ጸዓዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ምዃኑ ዝገለጾ ቦታታት፡ ብገለ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ፖለቲከኛታት ብዛዕባ ጸዓዱ ኣፍሪቃውያን ዝወጸ ኣብ ማሕበራዊ መራኸቢታት ዝዘርገሐ ኣዘራቢ መደረታት እናስምዐ ዘርኢ እዩ ነይሩ።

“ሰባት ንድሕነቶም ክብሉ ካብ ደቡብ ኣፍሪቃ ይሃድሙ ኣለው። መሬቶም ይምንዛዕ ኣሎ፡ ኣብ ብዙሕ ኣጋጣሚታት ድማ ይቕተሉ ኣለው፡” ዝበለ ትራምፕ፡ ነቲ ኣብ ርክብ ክልተኦም ፕረዚደንታት ተረኺቡ ናይ ዝነበረ ተወላዲ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝኾነ ኢሎን ማስክ ውዲታዊ ክልሰ ሓሳብ ከም ዘቃልሖ እዩ ዝሕብር ዘሎ።

እቲ ቪድዮ፡ ኣብ መስከረም 2020 ክልተ ሰባት ኣብ ሕርሻኦም ድሕሪ ምቕታሎም ኣብ ዝተኻየደ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ ዝተቐርጸ እዩ። እቲ ትራምፕ ናይ ጸዓዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን መቓብራት ኢሉ ዝቐረቦ ድማ፡ ብዘይካ መስቀል ካልእ ዝኾነ ምልክት ናይ መቓብር ከም ዘይነበሮ እዩ ዝግለጽ።

ኣብ መስከረም 2020፡ ሓደ ጸዕዳ ደቡብ ኣፍሪቃዊ ኣካያዲ ሕርሻ ኣብ ምብራቓዊ ክፍሊ ግዝኣት 'ፍሪ ስቴት' ኣብ ዝርከብ ሕርሻ ተቐቲሉ ብምርካቡ፡ ክልተ ጸለምቲ ሰባት በቲ ቅትለት ተኸሲሶም ነይሮም።

ነቲ ቅትለት ኣመልኪቱ ኣብ ዝተኻየደ ዕጹው መስርሕ ፍርዲ ከኣ፡ እቶም ጥርጡራት ኣካል ናይቲ ኣብቲ ከባቢ ዝንቀሳቐሱ ሸፋቱ ጥሪት ምዃኖምን እቲ ቅትለት ድማ ዓሌታዊ ድራኸ ዘይብሉ ዘይኮነስ ንብረት ንምዝማት ጥራይ ተባሂሉ ዝተፈጸመ ምዃኑ ተገሊጹ ነይሩ።

ቅትለት ናይቲ ኣካያዲ ሕርሻ ግን፡ ኣብታ ቅድሚ ዳርጋ 30 ዓመት እቲ ዓሌታዊ ስርዓት ኣፓርታይድ ዝወደቐላ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ጠንቂ ዓሌታዊ ግጭት ኮይኑ ኣሎ። ብፍላይ ሕርሻዊ ንጥፈታት ኣብ ዝተኻየደሎም ገጠራት እታ ሃገር፡ ኣብ መንጎ እቶም ክሳብ ሕጂ ዝበዝሐ ናይ ሕርሻ መሬት ዘውንኡ ጸዓዱን ሸቀልቶም ዝኾኑ ጸለምቲን እቲ ወጥሪ ኾነ ከም ዘይሃድአ ይንገር።

ንጸዓዱ ሓረስቶት ዝውክሉ ጉጅለታት፡ መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ነዚ ኣሉ ክከላኸለሎም ከም ዘይክኣለ እዮም ዝኸሱ።

ይኹን'ምበር፡ ገለ ኣቐፍቲ፡ ነቲ እቶም ጸዓዱ ሓረስቶት ዘቕርብዎ ዘለዉ ጥርዓናት ኣህጉራዊ ድንጋጸ ንምርካብ ዝዘርግሕዎ ዘለዉ ዝተዛብዐ ትረኻ ገይሮም እዮም ዝርእይዎ።

ኣብ 1994 ኣብ ትሕቲ መሪሕነት ኔልሰን ማንዴላ ደሞክራሲያዊት ሃገር ቅድሚ ምዃና፡ ኣብ እዋን መግዛእቲ ስርዓት ኣፓርታይድን ኣብ ልዕሊ ጸለምቲ ሰባት ንዘመናት ኣድልዎ ዝፍጸመላ ዝነበረ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ ንክሲ ትራምፕ ነጺጋቶ ኣላ።

ራማፎሳ፡ ነቶም ኣብቲ ርክብ ምስኡ ዝነበሩ ተጻወትቲ ጎልፍ ኤርኒ ኤልስን ረቲፍ ጉሰንን ከምኡ'ውን ቢልየነር የሃን ሩፐርትን ጸዓዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ብምጥቃስ፡ “ምጽናዕት ጸዓዱ እንተ ዝህሉ ነይሩ፡ እዞም ሰለስተ ሰባት ኣብዚ ኣይምሃለዉን” ክብል ንክሲ ትራምፕ ከምልስ ፈቲኑ።

ራማፎሳ፡ ዘይከምቲ ምስ ትራምፕ ተባኢሱ ኣብ መወዳእታ ካብ ዋይት ሃውስ ዝወጸ ዘለንስኪ፡ ነቲ ኩነታት ሃዲኡ ከም ዝሓዞ፡ ነቲ ወጥሪ ዘጋድድ መልሰ ግብሪ ካብ ምሃብ ድማ ከም እተቐጠበን ተሓቢሩ።

እዚ ኣጋጣሚ፡ ትራምፕን ምክትል ፕረዚደንት ጄዲ ቫንስን ኣብ ወሽጢ ዋይት ሃውስ ንዩክሬናዊ ፕረዚደንት ዘለንስኪ ድሕሪ ምውራዶም ድሕሪ ሰለስተ ወርሒ የጋጥም ብምህላዉ፡ መራሕቲ ሃገራት ዕድመ ትራምፕ ቅድሚ ምቕባሎም ክልተ ግዜ ክሓስቡ ዝቕስብ ምዃኑ እዮም ዝተፈላለዩ ፖለቲከኛታት ዝገልጹ ዘለዉ።

## ንክስታት ትራምፕ ዘፍርሱ ነጥብታት

ብፕረዚደንት ትራምፕ፡ ንጨፍጨፍ ጸዓዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ኣመልኪቱ ዝቐረበ ክሲታት ሰዒቡ፡ ዝተፈላለዩ ነቲ ክሲታት ዝጻረሩ ነጥብታት ብደቡብ ኣፍሪቃ ይወጽኡ ኣለው። ገለ ካብ'ኦም ምስ እንምልከት፥

ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ኣብ ልዕሊ ጸዓዱ ሓረስቶት ምጽናዕት ዓሌት ይፍጸም ከም ዘሎ ዝገልጽ ክሲ፡ 'ውዲታዊ ክልሰ ሓሳብ' ምዃኑ እዩ ዝሕብር። እዚ ክልሰ ሓሳብ'ዚ፡ ኣብ 1994 ካብ ምውዳቕ ስርዓት ኣፓርታይድ ጀሚሩ ብገለ ጉጅለታት ጸዓዱ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ዘሰፋሕፍሕ ዝነበረ ኮይኑ፡ ብደገፍ መሻርኽቲ ትራምፕ ዝኾነ ኣብ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝተወልደ ኢሎን ማስክ ድማ ብውሕሉዱ ኣብ ዝሓለፈ ዓሰርተ ዓመታት ኣብ ሕሉፍ የማናዊ ፖለቲካዊ ስነ ሓሳብ ዝኽተሉ ሰልፍታት ክዘዋወር ጸኒሑ እዩ።

ደገፍቲ ናይቲ ክልሰ ሓሳብ፡ ኣብ ርሑቕ ገጠራት እታ ሃገር ኣብ ልዕሊ ጸዓዱ ሓረስቶት ዝተፈጸመ ቅትለት፡ ከም መርትዖ ናይቲ ብፖለቲካዊ ኣጎብብ ዝተዓለወ ምጽናዕ ዓሌታት ደኣ'ምበር ከም ተራ ግጭት ኣይጠቕስዎን እዮም።

በዚ ድማ፡ ነቲ ብበዝሒ ብጸለምቲ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ዝምራሕ መንግስቲ፡ ሕጋዊ ስጉምቲ ክወስድ ብዘይምኽኣሉ ነቲ ጨፍጨፍ ከም ዘተባብዐ ብምጥቃስ፡ ኣብቲ ዝተፈጸመ ቅትለት ተሓባባሪ ምዃኑ ይኸሱ።

ይኹን'ምበር፡ ደቡብ ኣፍሪቃ ሓንቲ ካብተን ዝለዓለ መጠን ቅትለት ዝፍጸመለን ሃገራት ዓለም ኮይና፡ ኣብታ 60 ሚልዮን ህዝቢ ዝነበረላ ሃገር ብማእከላይ ገምጋም ኣብ መዓልቲ 72 ቅትለት ከም ዝፍጸም እዮም ጸብጻባት ዝሕብሩ። መብዛሕትኦም ግዳያት ድማ ጸለምቲ ምዃኖም፡ እቶም ጸብጻባት ይጠቕሱ።


እቲ ካልኣይ ክሲ፡ መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ ንጸዓዱ ሓረስቶት መሬቶም እናመዘዐ ንጸለምቲ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ይዕድሎ ኣሎ ዝብል እዩ።

መንግስቲ ደቡብ ኣፍሪቃ፡ መግዛእቲ ስርዓት ኣፓርታይድን ኣብ ዋንነት መሬት ዝኸተሎ ዘይምዕሩይነት ንምእራም ዝሰርሐ ፖሊሲ ከም ዘሎ ዘመልክቱ ጸብጻባት ናይ'ታ ሃገር ግና፡ ዝተመንዘዐ መሬት ከም ዘየለ ኣብ ክንድኡ መንግስቲ ጸዓዱ ሓረስቶት መሬቶም ብፍቓዶም ክሸጡ ንምትብባዕ ከም ዝፈተነን እዮም ዘረድኡ።

ይኹን'ምበር፡ እዚ ፖሊሲ'ዚ ዛጊት ኣብ ግብሪ ከም ዘይወዓለን ኣሰታት ሰለስተ ርብዒ ናይቲ ብውልቂ ዝውነን ናይ ሕርሻ መሬት ድማ ክሳብ ሕጂ ኣብ ኢድ እቶም ትሕቲ 8 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ ደቡብ ኣፍሪቃ ዝውክሉ ኤውሮጳውያን ጸዓዱ ከም ዝርከብን ይፍለጥ።

ኣርባዕተ ሚእታዊት ናይ ሕርሻ ቦታታት ጥራይ ከኣ በቶም ልዕሊ 80 ሚእታዊት ካብ ህዝቢ'ታ ሃገር ዝኾኑ ጸለምቲ ደቡብ ኣፍሪቃውያን ይውነን።

ብዘይካ'ዚ፡ እቲ ትራምፕ ኣብ ዋይት ሃውስ ኣብ ዝተኻየደ ርክብ 'መቓብር ጸዓዱ ሓረስቶት' ኢሉ ብቪድዮ ዘርኣዮ ቦታታት፡ ኣብ መስከረም 2020 ክልተ ሰባት ኣብ ሕርሻኦም ድሕሪ ምቕታሎም ኣንጻር'ቲ ቅትለት ኣብ ዝተኻየደ ተቓውሞ ዝተሳእለ እዩ። ስለዚ፡ እቲ ከም ምልክት ናይቲ መቓብራት ዝተወስደ ብዝሒ ዘለዎ መስቀል ዝበሮ ቦታታት፡ ንመቓብር ናይ ጸዓዱ ሓረስቶት ዝውክል ከም ዘይኮነ እዩ ዝሕብር ዘሎ።



# መስመርና ድርዕና !













ዲዛይን - ታእዛዝ ኣብርሃ

ስእሊ- ኣርካይቭ ጨንፈር ስእሊ

# ማህደር ጀጋኑ

ሽሞንዲ ዑቕባሚካኤል

## ተጋዳላይ፡ ካብ ጕስነት ክሳብ ማስተርነት

**3ይ ክፋል**

እዚ ዛንታ'ዚ ሓቀኛ ጉዕዞ ህይወት ተጋዳላይ ኣፈወርቂ በርሀ እዩ። ተጋዳላይ ኣፈወርቂ በርሀ ኣብ ታሕሳስ 1974 ናብ ሜዳ -ምስ ህዝባዊ ሓይልታት- ተሰሊፉ፤ ምስ ምቛም ቦጦሎኒታት ሓኪም ቦጦሎኒ 301፣ ምስ ምቛም ብርጌዳት ሓኪም ብርጌድ 44 ኮይኑ ኣገልጊሉ። ካብ 1984 ክሳዕ 1987 ናይ ሰለስተ ዓመት ክልሰ ሓሳብን ግብርን ዘጣመረ ትምህርቲ ሕክምና መብጣሕቲ (war surgeon)፣ ኣብ 1997 ብሕክምና ቀዳማይ ዲግሪ፣ ኣብ 2001-2002 ኣብ ሃገረ ኢታሊ ሮማ ብማስተረይት ዲግሪ፣ ብ1994 ኣብ ሃገረ ከንያ ብ community based public health ኣድቫንስድ ዲፕሎማ ተመሪቑ። ካብ 2004 ክሳዕ 2011 ከኣ ከም ሓላፊ ጥዕና ዞባ ደቡባዊ ቀይሕ ባሕሪ ኣገልጊሉን ዘገልግል ዘሎን ጉዱም ተጋዳላይ እዩ።

ኣብ ዝሓለፈ ዓንቀጻት ናይዚ ኣርእስቲ'ዚ፡ ተጋዳላይ ኣፈወርቂ በርሀ ኣብ ቀዳማይቱ ካብ ናብራ ጕስነት ተናጊፉ ተመሃራይ ናይ ምዃን ልዑል ባህጊ ከም ዝነበሮን ከም መርኣያ ልዑል ባህጉ ድማ ካብ ምቓዕ ነጋሪት (ትግራይ) ናብ ሻንበቆ ንዕዳጋ ኢሉ ምስ ተጓዕዘ ካብ መኻይዱ ቀሺ በርሀ መሲቑ ብምትራፍ፡ ኣብ ተኾምብያ ናብ ዝነበረ ወዲ ኣኮኡ መምህር ኣብርሃ ጉዕዞኡ ከም ዝቐጸለን ምስኡ ከም ዝተራኸበን ተረኺልና ነይሩ። መቐጸልታ ናቱ እንሆ፦

መምህር ኣብርሃ ምስ ተቐበለኒ ጸጕረይ ኣቖምቂሙ ክዳነይ ኣቕይሩ ጥራውዝቲ ትምህርትን ቦርሳይን ኣዳልዩ ኣብ ውሽጡ ሓደ ሰዓት ቀጥታ ናብ ክፍሊ ኣእትዩ መንግስታዊ ትምህርቲ ከም ዝጀምር ገበረ። ምኽንያቱ ኣብቲ ግዜ'ቲ ንመምህር ኣብርሃ ከሉ ነገር ቀሊል እዩ ኣብ ተኾምብያ። መምህር ኣብ እምነት ሚስዮንን መንግስትን ስለ ዝነበረ ጥራይ ዘይኮነ፡ ኣብ ብዙሕ ዓይነት ስራሕ ንጡፍ፤ ፋሉጥን ፍቱውን ስለ ዝነበረ ንመምህር ኣብርሃ ከሉ መንገድታት ክፉት እዩ። መምህር ኣብርሃ፡ ወዑይ፡ ምስ ሰብ ናይ ምልላይ ክእለት ዘለዎ፣ ምልክት ቛንቋታት ዓረብ፡ ትግረ፡ ኩናማ፡ እንግሊዝ፡ ጥልያን ዝበሮ፣ ከምኡ'ውን ኢዱ ኣብ ኩሉ ዓይነት ተኽለ፡ ከም መካኒክ ምዕራይ ሞተራት (ናይ ማይ፡ ጥሕና፡ ማኪና) ክእለት ነበሮ። ህርኩትነት መምህር ኣብርሃ ፍሉይ ነይሩ። ኣብ ርእሲ'ቲ ዝውንኖ ከተማዊ ሞያታት፣ ኣስታት 250 ኣጣልን ኣባጊዕን ነይረንኦ። ካብዘኣተን መዓልታዊ ክልተ-ሰለስተ ኣባጊዕን ኣጣልን ገዚኡን ሸይጡን ይወዕል ነበረ።

ኣብ ግዜኡ ዝመጽኣ ጋሻ በለው ዝጽግብ ኣይመስለን'ዩ። ወጻኢተኛታት፡ ከም ኣመሪካውያን፡ ጠሊያን፡ ወላ ካብ ኤርትራ ዝመጽኣ ከም ተቐመጥቲ ተኾምብያ ኩናማ፡ ትግረ፡ ተኾራርር እንዳ ኣብርሃ ገዚኡ እዩ ነይሩ። ስለዚ ኣነ ምስ መምህር ኣብርሃ ናይ ንግሆ ትምህርቲ ናይ ድሕሪ ቀትሪ ድማ ኣብ ኣጣል ክወፍር ጀመርኩ። መጽሓፈይ ሐዚ ከይደ ኣብቲ በረኻ ኮይነ ከጽንዕ የምሰ።

ተኾምብያ ካብ ሽዑ ጀሚራ ጽቡቕ ሕርሻውን ንግዳውን ምንቅስቓስ ዝነበራ ሓውሲ ከተማ እያ። ጋሽ ተቐራቲዋ ስለ ዝሓልፍ ናይ ጀራዲን ሕርሻ ቀንዲ እቶታ እዩ። ኣብታ ሓውሲ ከተማ "ካሞሲ" ዝበሃል ጥልያን ልዕሊ 100 ሄክታር ፉል ይዘርእ ነይሩ። ካልእ ጥልያን'ውን ናይ ትምባኾ ፋብሪካ ዝነበሮ ልዕሊ 200 ሰራሕተኛታት የዋፍር ነይሩ። ሓራምዝ ብሊይቲ ብሩባ ጋሽ ገይረን ይመጽኣ'ሞ፡ ነቲ ጀራዲን ከይ ኣዕንዋኦ ሓዊ ሐጊዙ ከምኡ'ውን ገረወይና ገልጠምገልጠም እናበልና ሆ!ሆ! ኢልና ንርብሸን። ብኸምኡ ኣገቡብ ትኽ ኢለን ከም ዝሓልፋ ንገብረን ነርና።

ተቐማጦ ተኾምብያ፡ ትግረ፡ ትግርኛ፡ ኩናማን ተኻራር ዝበሃሉን ነይሮም። ብምሕረስን ብመጓሰን ተሰማሚዖም ተሳኒዖምን ይነብሩ ነይሮም። ተኾምብያ ኣብ 1967 እያ ተቓጺያ። ኣብዚ ዓመት'ዚ ሻምበል በሰው ዝተባህለ ወተሃደር ዝመርሖ ሰራዊት ናይ ስርዓት ሃይለስላሰ ኣብታ ሓውሲ ከተማ ግፍዒ ፈጺሙ። ኣብቲ ሻኻ ናይ ትምባኾ ህዝቢ ሓሪዱ ንታ ሓውሲ ከተማ ሪዕድን ሽበራን ምስ ኣእተወ፡ እቶም ሃብታማት በዓል ኣድጎይ (ወናኒ ዓቢ ድኳን) ሸኽ መሳ (ወዲ ብሄር ኩናማ) ካልኦትን ሃዲሞም።

ተኾምብያ ኣትየ ትምህርቲ ሰኳላ ምስ ጀመርኩ፡ ትምህርቲ ምጅማረይ'ኳ ብኸፉት ኣእምሮን ሕገስ መንፈስን እንተ ተቐበልኩዎ፡ ኣብ ጠለብበ ምውፋር ግን ጸላእኩዎ። ሽዑ ናብታ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ምስየን ከእትወኒ ሓተትኩ። ምኽንያቱ ምስ መምህር ኣብርሃ ኮይነ ትምህርቲ ምቕጻል፡ ናይ ትምህርትን ናብራን ጉዳይ'ኳ ዝኣክል የማልኣለይ እንተ ነበረ፡ ግን ኣጣል ምሕላው ስለ ዘለዎ ኣይፈተኹዎን። በዚ ምኽንያት ከኣ ናብ ኣሕዳሪት ቤት ትምህርቲ ሚስዮን ተጸንበርኩ።

ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ጽሕፈትን ንባብን ከኣልኩዎ። ዕድመይ ወዲ 10 ዓመት ብምንባሩ ኩሎም እቶም ምሳይ ዝመሃሩ ዝነበሩ ቀዳማይ ክፍሊ፡ ደቂ 6-7 ዓመት ስለ ዝነበሩ፡ ካብ ኩሎም ብዕድመን ብቑመትን ዝዓበኹ ስለ ዝነበርኩ፡ ኣብ ግዜ ዕረፍቲ ኣብ ክንዲ ምጽዋት፡ ኣብ ክፍሊ ንበይነይ ተሪፈ ብዝሓለፈ ህይወተይ ከስቆርቁር ጀመርኩ። ይኹን'ምበር ዕድል ትምህርቲ ምርካበይ ይሕጉሰ ስለ ዝነበርኩ ከቢድ ምስቀርቓር ኣይነበረንን። እኳ ድኣ ነቶም ልዕለይ ዝነበሩ ብትምህርቲ ብቑመትን ዕድመን ድማ ማዘናይ ዝኾኑ 2ይን 3ይን ንኸርክቦም ይጽዕር ነበርኩ።

ኣብ ትምህርተይ ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰለስተ ኣዋርሕ ልዑል ነጥቢ ኣምጻእኩ። ካብ መምህራነይ ድማ ልዑል ኣድናቖት ረኺበ። ሳላ መንፍዓተይ ንኽሕግዙኒ ተደፋፍኡ። እቶም መምህራን መንእሰያት ስኳብሊ (ንውልቆም) ስለ ዝነበሩ ግዜ ነይሩዎም። "ካብ ሽሳሎ እየ መጺአ" ይብሎም ስለ ዝነበርኩ ኸኣ "ሽሳሎ" ኢሎም ይጽውዑኒ ነበሩ። ገለ'ኦም'ውን እርግ ዝበለ ካምቻን እርግ ዝበለ ስረን ይህቡኒ ነበሩ።

በቲ ዘርኣዮ ዝነበርኩ መንፍዓትን ዘመዝገቦ ዝነበርኩ ልዑል ነጥብን ኣብ ግምት ብምእታው፡ ኣብ ፍርቂ ዓመት ናይ ካልኣይ ክፍሊ ምስ በጻሕኩ፡ ነጥበይ ጽቡቕ ስለ ዝነበረ ናብ ሳልሳይ ክፍሊ ኣንጠሩኒ። እዚ ድማ ነቲ ዝነበርኒ ምስ ንኣሽቱ ምምሃር ጸገመይ ከም ዝፍታሕ ገበረ።

ምስ መዛኖይ ክማዝር ምጅማረይ ድማ ኣዝየ ተሓጐስኩ። መጽናዕተይ ኣሐይለ ምስቶም ንፉዓት ናይቲ ክፍሊ ክወዳደር ሃቀንኩ። ተኸሊዘ ዝበሃል ተመሃራይ ብዝይ መጠን ንፉዕ ስለ ዝነበረ ምስኡ ኣብ ውድድር ኣተኹ። ኣብቲ ክፍሊ ዓርቢ ዓርቢ ድሕሪ ቐትሪ ውድድር ስፐሊን (spelin) ልሙድ ስለ ዝነበረ፡ ብኽልተ መስርዕ ኴንና፡ ተኸሊዘ በቲ ሓደ መስርዕ ኣነ ድማ በቲ ሓደ መስርዕ ንውዳደር ነበርና። ዝተጋጸ ኮፍ ይብል ስለ ዝነበረ፡ ኣብ መወዳእታ ተኸሊዘን ኣነን ንተርፍ፡ ድሕሪ ህልኽ ዝመልኦ ውድድር ድማ ሓዴና ይስዕር።

ሓደ መዓልቲ ይዝከረኒ ስዒሩኒ ብንብዓት ዓይነይ ምቕጻጸር ስኢነ። ሽዑ መምህር ማና፡ (መምህር እንግሊዝ) ጸዊዖም፡ "ኣጆኻ ኣይትብከ! ከመይ ደኣ ንሱ ክትሰዕሮ ከለኻ ዘይበኸ? እንድሕሪ በኺኻሉ ንሱ ሞራል ወሲኹ ክሰዕረካ ይኽእል እዩ። ስለዚ ኣይትብከ፣ ዳሕራይ በቢታራ ኢኹም ትስዕሩ ዘለኹም" ብምባል ኣጸናንዖኒ። ድሕሪኡ ውድድረይ ከሐይልን ንታ ጕጅለይ ከሐጉሰን ዝያዳ ክጽዕር ወሰንኩ። ኣብ ኩሉ ክፍሊ ውድድራትና ንቕዱሰ ቅንኢ ዝዕድም ኮነ።

ኣብ መወዳእታ ናይቲ ዓመት ድማ ተኸሊዘ ቀዳማይ ብልጫ ኣነ ድማ ካልኣይ ብልጫ ኮይንና ተዓወትና። በዚ'ውን ዕጉብ'ኳ እንተ ዘይነበርኩ፡ መምህራነይ ግን ካልኣይ ክፍሊ ከይዛዘምኩ ኣብ ፍርቂ ዓመት ሳልሳይ ክፍሊ ሓሊፈ ኣብዚ'ውን ካልኣይ ምውጻኣይ ኣብቲ ምዕዓል ሰርቲፊኬት ኣድናቖቶም ኣቃልሑ። እዚ ድማ ንዓይ ዓቢ ሞራል ኣሰነቐኒ።

ኣብ ራብዓይ ክፍሊ'ውን ተወዳደርቲ ኴንና ኣሕለፍናዮ። ኣብ መወዳእታ ዓመት ቀዳማይ ብልጫ ኮይነ ተዓወትኩ። ኣብ ትምህርተይ ጽቡቕ ይኸይድ እምበር፡ ብዛዕባ ሃለዋት ወለደይ ስክፍታ ነይሩኒ። ወለደይ ኣበይ ከም ዘለኹ ይፈልጡ ኣይነበሩን። ዳሕራይ ክማዝር ዝረኣዩኒ ሰባት ከኣታተይ ኣብ እዝኒ ወለደይ ኣብጽሕዎ።

ሓምሻይ ክፍሊ ምስ ኣፋረቕኩዎ ኸኣ ሓወበይ ኣስገዶም ሓምበር ናብቲ ቤት-ትምህርቲ መጺኡ፤ ነቶም ሚስዮናውያን ንወደኮይ፡ "ኣቦኡን ሓወቦኡን ሞይቶም ካልኣይ ቀብሪ ክርከብ ክወስዶ መጺኤ" ብምባል፡ ንዓይ ጸዊዖም "ኣቦኻ ሞይቶም" ኢሎም ኣርድኡኒ። ቤት-ትምህርተይ ከኣ ከም መፋነውን መጸናንዕን ከሎ ቡንን ከሎ ሽኮርን ሂቦም ኣፋነውኒ። ምስ ሓወቦይ ከኣ ንዓዲ ተበገስኩ።

ኣብ መንገዲ ብሓሳብ ተወሓጥኩ። ቃለይ፡ "ንሽኻ ትደልዮ ይኹን! መንገዲ እግዚኣብሄር ዝሓዘ ኣይወድቐን እዩ!" ኢለ ደጋጊመ። ገለ ካብቶም ኣብ ሓንጎለይ ዘጨንቑኒ ዝነበሩ፤ ኣነ በኹሪ ገዛና እየ፣ ትሕተይ ኣሕዋተይ ኣርባዕተ ኣውዳትን ሓንቲ ጓልን ብድምር ሓሙሽተ ንኣሽቱ ኣሕዋት ስለ ዝነበሩኒ፡ ከምኡ ድማ ኣደይ ሕምምቲ ስለ ዝነበረት፡ ንሳ'ውን ገዲፋትና ከይትመውት ቀንዲ ሻቕሎት ፈጢሩለይ ነበረ።

ከም መፍትሒ ክወስዶም ዝደናደን ዝነበርኩ፡ ትምህርተይ ገዲፈ ኣሕዋተይ ክኣሊ ተደጋጋሚ ኣብ ሓንጎለይ ትመጽኣኒ ዝነበረት ሓሳብ እያ። ኣብዛ ሓሳብ'ዚኣ ዓሊበኩ። በቃ ትምህርቲ ዝበሃል ይትረፍ! ኣሕዋተይ ክዕቢ ኣለዎ፣ ኢለ ብሓሳብ ወሰንኩ። ዕድመይን ዓቕመይን ትሑት ስለ ዝነበረ፡ መን ክሓርስልና እዩ? ነቶም ኣብዑር መን ይጽመዶም? መን ይዕጽዶ? መን ዓውዲ የኽይዶ? ዝብሉ ሓሳባት ኣብ ሓንጎለይ ኣጨነቑኒ።

ኣእጋረይ ኣብ መንገዲ ተጸሚደን ደስጉማ ስለ ዝነበራ፡ ከንፈረይ ድማ ምስቲ ኣብ ሓንጎለይ ዝዘየድ ዝነበረ ማዕበል ሓሳብ ካብ ቁጽጽረይ ወጻኢ ምንቅስቓስ ክገብር ሳሕቲ ይርድኣኒ። ልክዕ ከምቲ ምስ ሓደ ሰብ ኣብ ቅድመኻ ደው ኢሉ ዘሎ'ሞ ምስኡ ትካታዕ ዘለኻ ይመስል ነበርኩ።

ድሕሪ ናይ ክልተ መዓልቲ ጉዕዞ ኸኣ ዓዲ (ምቓዕ ነጋሪት) በጻሕኩ። ኣዒንተይ ናብ ገዛና ናብ ቤተክርስትያንን ልኣኽኩወን። ካብ ማዕዶ ጀሚረ'ኳ እንተ ኣቋመትኩ፡ ግን ሰብ ዝበሃል ኣይርኤኹን። ኣብ ገዛና ንኻልኣይ ቀብሪ ዝመስል ምንቅስቓስ ኣይተዓዘብኩን። ኩሉ ምስሊ ናይቲ ከባቢ ገዛ ኣንጻር ትጽቢተይ ኮነ። ዋላ ሓደ ሰብ ዘወር ዝብል ኣይነበረን። ብኣንጻሩ'ኳ ድኣ ገዛና ፍጡር ዘለዎ ትመስል ኣይነበረትን። ነገሩ ምርዳእ ኣበዩኒ። እናቐረብኩ ምስ ከድኩ፡ ኣብራኸይ ሕልኽ ሕልኽ ኢለን ኣበያኒ። ልበይ'ውን ህርመታ በርቲዑ ትንፋሰይ ተቐየረ። ኣዒንተይ ብድኻም ማይ ጸምኣን ዳርጋ ደረቓን'ኳ እንተ ነበራ፡ ሕጂ ግን ብንብዓት ተሓጽባ። ባህሪ ዝሃደሎም ጸኒሒታት ዓይነይ ብንብዓት ተሓልበ።

ንገዛና ክኣቱ ሓምሳ ሜትሮ ምስ ተረፈኒ ግን ክእመን ዘይከኣል ትርኢት ርኣኹ። እቲ ሞይቱ ካልኣይ ቀብሩ ተባሂሉ መርድኡ ዝተነግረሉ ወላዲየይ፡ ምርኩስ ገይሩ ካብቲ ገደና ንገዛ ክኣቱ ረኣኹዎ!! እዚ ነገር'ዚ ንዓይ ካብ መቓብር ወጺኡ ዝመጽአ ዘሎ "መንፈስ" ምስሊ ኣቦይ ኮይኑ ተሰማዓኒ። ፍጹም ምርዳእ ኣበዩኒ። ምስ ጥዕናይዶ እምበር ኣለኹ'የ ኢለ ኣካላተይ ፈተሽኩ። ከምኡ ኢለ ትኽ ኢለ ንገዛ ኣተኹ'ሞ ኣደይ ከኣ ብዕልልታ ተቐበለትኒ። ኣቦይ'ውን "ወደይ መጺኡ!!" ኢሉ ክሰዕመኒ ናባይ ቀረበ።

ኑበሰይ ግንበንብ በልኒ!! "ምውትዶ ይትንስእ'ዩ!?" ድማ በልኩዎ። ከኣታተይ ንወለደይ ኣሰየመመ፣ ኣቦይ ሰንበደ፣ "ወደይ ከሕምምሊይ!!" እናበለ ንታ ዘረባ ደጋገማ። ኣነ'ውን ገና ብትርኢት ኣቦይን ብኣእምሮኣዊ ከኣታተይን ኣብ ምጥርጣር ነበርኩ። "እዚ ኣብ ቅድመይ ዘሎ ምስሊ ኣቦይ መንፈስ ድዩ ህያው!?" እናበልኩ ኣብ ከቢድ ጭንቀት ተሸመምኩ። ንኣዘራርባን ምንቅስቓስን ኣቦይ ፈዚዘ ተሰሪሐ ይዕዘቦ ነበርኩ። ነቲ ኣብ ቅድመይ ዘሎ ህያው ዓለም ብዘሎዎ ንኽኣምኖን ንኽቕበሎን ግዜ ወሰደኒ። ጸኒሑ ግን ኩሉ ነገር ናብ ንቡር ተመሊሰን ሓጎስ ኮነ።

ኣሕዋተይ ኣብ መጓሰ ወፊሮም ወዲሎም ዓዲ ኣተው። መልኣኽ ሓወይ ምንኣሰይ፡ ስረቕ ሓወይ ምንኣሰ ምንኣሰይን ተኸኣ ሓብተይን ኮይንና ተኣኪብና ከምኡ'ውን ጎረባብትና እንዳ'ያ የሴፍ ሓው ኢያቀዲሞስ፡ ደቀቦይ ሃሊቃ ብርሃ ተኣኪብና ወኻዕካዕ ኮነ።

እው፡ ብዝይ መደብ ወሉዲ ናይ ኣርባዕተ ዓመት ሃንደበታዊ ምፍልላይ ወላድን ውሉድን ቀሊል ኣይኮነን። ብፍላይ ነቲ ምፍልላይ ከጋጥም'ዩ ኢሉ ትጽቢት ንዘይገበረ ወላዲ ከቢድ እዩ። ንዓይ ከኣ ምስቲ "ሞይቱ" ኢሎም ዘቐበጹኒ ወላደየይ ብጓህዲ ክራኸብ ስለ ዘኸኣልኩ ተኣምር እዩ። ኣሕዋተይ ከመይ ክኣሊ እየ እናበልኩ ካብ ዝኣተኹዎ ጭንቀት ተናጊፈ ብሰላቕን እልልታን ክትካእ ምርኣይ ዓቢ መስተርሆት ፈጢረለይ።

ይቕጽል

ተጋ/ይ ኣፈወርቂ በርሀ
ምም/ርን ፋይናንስን ሚ/ሪ ጥዕና ዞ/
ጋሽ ባርካ



# ምልከታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ -ሳምራዊት መለስ




መንገዲ ኣየር ግብጺ ንክቡር ፕረሲደንት ሃገረ ኤርትራ

ኣቶ ኢሳይያስ ኣፈወርቂ

ከምኡ'ውን ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ

እንቋዕ ናብ መበል 34 ዓመት በዓል ናጽነት ኤርትራ

ኣብጸሓኩም እናበለ

ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ ራህዋን ብልጽግናን ይምነ

EGYPTAIR

A STAR ALLIANCE MEMBER

egyptair.com

OiLibya

ብምኽንያት ዝኽሪ መበል 34 ዓመት መዓልቲ ናጽነት ኤርትራ፥

ምምሕዳር ሊብያ ኦይል ኤርትራን ታምኦይል ማሊንዲ ኤርትራ ናይ ብርኪ ማሕበርን

ንህዝብን መንግስትን ኤርትራ

ሰላም፡ ምዕባለን ዳይናሚካዊ ዕብየትን ክኾነሉ ሰናይ ምንዮቱ እናገለጸ፥

ሓጎሱ፡ ኩርዓትን ናይ ናጽነት መንፈስን ዝመልኦ ሰናይ ቅንያት ናጽነት ይኹነልኩም ይብል

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ -ሓበን ገብረኣምላክ ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ኣመልከትቲ፡ 1. ርእሶም ካሕሳይ ትኳቦ 2. ሰለሞዊት ገብረሚካኤል ሃብተስላሴ፡ ወ/ሮ ዋሕየ ወልደማርያም ወልደስላሴ ኑቲ ኣብ ዞባ ማእከል ከበቢ ጸሎት ፕሎት 30 ቁ/ፓርስል ዞን ፓርስል C ስፍሓት መሬት 250 ት/ሜ ዓይነት ህንጻ ተራ ገዛ ኣብ 2010 ዝተሃንጸ መዓል ህንጻ መዝገቢ ከበቢ ኮድ ጸሎት ብዚሓ ክፍልታት 4+ ሓገዝቲ፡ 2+ ክፍልታት ብዘርዝር 4+ ክፍሊ፡ 1ክሽነ፡ 1 ዓይኒ ምድሪ ዘለዎ ዘይንቀሳቐስ ንብረት ገዛ፡ እቲ ብጼጋማይ ወገን ዝርከብ ኣብ 125 ት/ሜ እተሃንጸ ሓደ ሳሎን መደቀሲ ትሕዝቶ ዘለዎ፡ ንዎና ወሃብቶ ተቐቢልቲ ብወሃብቶ መልክዕ ስለዝሃቡና'ሞ ናብ ስምና ክሙሓላለፍ ስለ ዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ንዕ 4/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቁ/47 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረቡ።

ብፍ/በ/ማሰል ወ/ሮ መኣዛ ተስፋማርያምን ብፍ/ሰ/ዕዳ 1. ወ/ሮ ያኖሽ ተስፋማርያም 2. ኣቶ ሞገስ ተስፋማርያም 3. ወ/ሮ ኣበበ ተስፋማርያምን ብፍ/በ/ዕዳ ቁ.2 ኣቶ ሞገስ ተስፋማርያም ንፈጻሚ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልኩም ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን4/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ/33 ቅረቡ። እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት ፍርዲ ዕዳጋ እኽሊ

ብፍ/በ/ዕዳ ኤደን ተኽለ ሃብቶም ብፍ/በ/ማሰል ዓብደላ ዓብደልከሪም ሰዒድ፡ ንጉዳይ ፈጻሚ ዝምልከት ምልክታ ቀሪቡልካ ስለ ዘሎ፡ መልሲ ሒዝኪ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ከሳሲት ወ/ሮ በላይነሽ ኣፈወርቂ ተኸሳሲ ኣቶ ክብርኣብ ሓጎስ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 8ይ መጋባእያ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ፍረወይኒ ኀይትኦም ተኽልኣብ፡ ወከል ብርኽቲ ሓጎስ ኀይቶኦም፡ ወለድና ኀይቶኦም ተኽልኣብ ግደን ሽዋ ጉብረዝጊ ኣውዓሎምን ስለዝዋረዱ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ይቕረብ።

ኣቅሳስየ ተፈሪ ዐቕቦሚካኤል፡ ኣደይ ተመርጸ ዘርኦም ኣብርሃም ስለዝዋረደት፡ ኣነ ምስ 2 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ሓገሽ ጉብረ ካሕሳይ፡ ብዓል ቤተይ መም/ ስዩም ይመስገን ጉብረመድህን ስለዝዋረደ፡ ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረቱ ኣነ ምስ 7 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን27/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓረዛ

ማኣዛ ጉብረሚካኤል ጉብረድንግል ምባል ተሪፉ ማኣዛ ጉብረሚካኤል ብርሃ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳላ

መሉ ዑቕበ ተኽሉ ምባል ተሪፉ መሉ ዑቕበ ተኽሉ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ጺጋ ዘርኣ ጉብረያሱስ፡ ተኸሳሲ ዳኒኤል ኣስፍሃ ወልደገርግስ፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን6/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰገነይቲ

መርሃዊ ኣብርሃም ጉብረማስቀል ምባል ተሪፉ ዲያና ኣብርሃም ጉብረማስቀል ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ከሳሲት ወ/ሮ ኣዜብ ጉብረዝጊ ተስፋማርያም፡ ተኸሳሲ መሓሪ ዑቕቡ ወልደማርያም ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

መም/ብርሃ በራኺ ኣብርሃ፡ ሓፍተይ ዛይድ ተኽለ ስለዝዋረደት፡ ነ/ሄር መንግስትኣብ ተኽለ ብዙተኣቱ 1.ደቂ መንግስ መንግስትኣብ 2. ሳባ መንግስትኣብ 3. ሰማይነሽ መንግስትኣብ 4. ብርሃ መንግስትኣብ 5. በረኸት መንግስትኣብ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ሄለን ሰለሙን ጉብረእየሱስ ምባል ተሪፉ ሄለን ሰለሙን ጉብረሃንስ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሰንዓፈ

ከሳሲት እየሩሳሌም ረዘ ተከኤ፡ ተኸሳሲ ክብሮም ፍጹም ክፍሉ፡ ብዓልቲ ቤትካ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪባትልካ ስለ ዘላ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ከሲ ባሀታ ተከኤ ተስፋ፡ ተኸሳሲት ወ/ሮ ጽገወይኒ ኪዳነ ተስፋ፡ ብዓል ቤትኪ ናይ ሓዳር ክሲ ኣቕሪቡልኪ ስለ ዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወከል ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ። እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንሕብር።

ኑቢያት ባሀታ ጉብረያሱስ፡ ስም ኣደይ ተመርጸ ሓጎስ ንጉሰ ምባል ተሪፉ ዛይድ ሓጎስ ንጉሰ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን17/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

ማሕሙድ ዑመር ጻውድ ምባል ተሪፉ መሓመድ ዑመር ጻውድ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን5/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ጊንዳዕ

ቃሰም ሓሰን ዑስማን ምባል ተሪፉ ቃሰም ዓብዱልቃደር ዑስማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ሓጋዝ

ወ/ሮ መኣዛ ዓይላይ ናሽሕ፡ ስም ኣደይ ሰንበቱ ዘርሃነስ ጉብረስ ምባል ተሪፉ ባርህት ኣሰናይ ተስፋማርያም ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን9/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ከረን

ኣቶ ጅምዕ ጃበር፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ እሕሰን እስማዒል ኣሕመድ፡ ብቁ/ሰሌዳ ERI-A-3983 እትፍለጥ መኪና ናይ ስም ምትሕልላፍ መጸዋዕታ ቀሪቡልኪ ስለዘሎ፡ ን11/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቢ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተኾምብያ

ወ/ሮ ኣድሓኑት መብራህቱ ጎደሉ፡ ብዓል ቤተይ ጋይም ደበሳይ ረድሀይ ስለዝተሰውኡ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ደቁ ከኣ ወረስቲ ምዃኖም ይረጋገጸሎም ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን3/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ባረንቱ

ወ/ሮ ፍረወይኒ ካሕሳይ በተው፡ ኣደይ እምባፍረሽ ተስፋጋብር ኣበደ ስለዝዋረደት፡ ኣነ ምስ 3 ተተካእቲ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን10/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ተሰነይ

ኣቶ ዓብደልዓዚዝ ናስር ኣብርሂም፡ ስም ኣቦይ ናስር ኣብርሂም ኖረ መሐመደ ምባል ተሪፉ ናስር ኣብርሂም ኖሪ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለ ዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን6/6/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## 1ይ ደረጃ ቤት-ፍርዲ ዓሰብ

ወ/ሮ ፋጢማ ዓሊ ኢብናዓሊ፡ ብዓልቲ ቤተይ ዓብዱ ናስር ዓዋይ ስለዝዋረደ፡ ኣነ ምስ 5 ደቀይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለ ዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/25 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ።

## ምልክታ

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ ናይ ብርኪ ማሕበር፡ ንኹሎም ወነንቲ ብርኪ ኣብ መበል 21 ስሩዕ ሓፈሻዊ ዓመታዊ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ ንኽሳተፉ ይጽውዕ።

ቦታ፦ ሆቴል ኣስመራ ፓላስ (ኣደራሽ ሰላም)
ዕለት፦ 7 ሰነ 2025
ሰዓት፦ 8:00 ቅድሚ ቀትሪ ምጅማር ኣኼባ

ንድፌ ኣጀንዳ

1. ምጽዳቕ ንድፌ ኣጀንዳ
2. ምምዛዝ ኣባላት ኣዳለውቲ ውሳነ ኣኼባ
3. ምጽዳቕ ደቓይቕ ናይ ሕሉፍ መበል 20 ስሩዕ ዓመታዊ ኣኼባ
4. ኣብ መበል 20 ስሩዕ ዓመታዊ ኣኼባ ዝተላዕሉ ነጥብታት
5. ጸብጻብ ንጥፈታት ሃ.ኮ.መ.ኤ
6. ጸብጻብ ናይ ቦርድ
7. ጸብጻብ ናይ ዓመት 2024 ሕሳብን ምምቕራሕ መኽሰብን
8. ምምዛዝ ኦዲተራት
9. ምርጫ ኣባላት ቦርድ
10. ካልእ ክዝተየሉ ዘለዎ ኣርእስቲ
11. ምውሳን ዕለትን ቦታን ናይ መበል 22 ስሩዕ ኣኼባ ወነንቲ ብርኪ

እቶም ብኣካል ክሳተፉ ዘይክእሉ ወነንቲ ብርኪ ናይ ውክልና ቅጥዒ ካብ ቤት ጽሕፈትና ወይ ካብ መርበብ ሓበሬታና www.niceritrea.com ወሲዶም ድሕሪ ምምላእ ክሳብ 5 ሰነ 2025 ፍርቂ መዓልቲ ኣብ ዘሎ ግዜ ክልእኩልና ነዘኻኽር።

ሃገራዊ ኮርፖረሽን መድሕን ኤርትራ ናይ ብርኪ ማሕበር
ብትእዛዝ ዳይረክተራት ቦርድ

# ዛዕባ ሎሚ

## መኸተ ስዉር መቒሕ

4ይን መወዳእታን
ኣብርሃም የውሃንስ (እብር)



እዚ ትማሊ ኣብዑት ደርቂ እናተባህሉ ኣብ መኻኸቲ ቴለቪዥናት ዓለም ዝረኣዩ ዝነበሩ ኣህዛብ፡ ሎሚ እውን ካብዚ ዓንኬልዚ ኣይወጹን። ምስቲ ኹሉ ጸጋታቶም ካብቲ ናይ ደርቂ ክብረ ወሰን ክየላግሉ ኣይከኣሉን። ስለ ዝኾነ ኸኣ፡ ናብ መሰረታዊ ፍታሕ ገጾም ኣብ ክንዲ ምኻድ፡ ናይ ሚልዮናት ኣህዛብ ኣሃዛ እናጠቐሱ ንለመና ከም ግቡእ ወሲዶም “ኣብ ሓጸር ግዜ ረድኤት እንተዘይሂብኩምና” እናበሉ ብዘይ ሕንከት ብመራኽቢ ብዙሓን ክልምኑ ንሰሚዖም ኣሎና።

ለመና እንተተደጋጊሙ ግን ከም ስራሕ ክውሰድ ይኽእል እዩ። ካብኡ ሓሊፉ ኸኣ ናብ ደረጃ ወልፊ ገጹ ክየቢ ይኽእል። ብዓብኡ ኸኣ ኣብ ጉዳይ ረዲኤት ዝህልዎም ግቡይ መረዳእታ ሓደ ካብቲ ዝዓበየ ጸገም እዩ። ረድኤት፡ ብደገ ዝወሃቦ ዘሎ ደገፍ ካብ ኮነ ኣብ ሃገራዊ ካዝና ከም ወሰኽ ሃገራዊ ጃምላዊ እትዋት እዩ ዝቖጸር ኢሎም ዝሓስቡ መራሕቲ፡ ቀንዲ ጸገም ናይ’ታ ሃገር እዮም። ምኽንያቱ ነቲን ከም እትዋት ዝሓሰቡወን ዘለዉ ረዲኤታዊ ድጎማታት፡ ካብኣን ብዘዛይድ መጠኑ ኣብ ዜጋታት ሃገራዊ ልምሰት ደፈጥራ ምህላወን ንምቕላብ ስለዘይተዓደሉ ወይ ከኣ ከቕልቡ ስለ ዘይደለዩ።

እቲ ሓቂ ግን ብኣንጻሩ’ዩ ዘሎ። ረዲኤት፡ ስዉር መቒሕ ምዕራባውያን ሃገራት እዩ። የጥምን የልምስን ድኣ’ምበር ፍታሕ ክምጽእ ኣይክእልን እዩ። ከም ሰብ ሰሪሕካ ክትልወጥ እናኽኣልካ ዝወሃበካ ረዲኤት፡ ንምርዳእካ ዘይትካስ ንምልማስካ ምኳኑ ክትግንዘብ ኣለካ።

ኣብ ኣደካ ኣፍሪቃ እናሃለው፡ ኣዒንትኻ ኑቲ ኣብ ሃገራት ወሰብቲ ረዲኤት ዝዀነብ ማይ ዘቑምታ እንተድኣ ኮይኑን ግን፡ እናሃለኻ ዘይምህላው’ዩ። ቅዱሳን መጻሕፍቲ እውን፡ ፈጣሪ ንወዲ ሰብ “ሰሪሑ ንኸብልዕ’ዩ ወሲኑሉ!” ንኸይትሰርሕ እናለመንካ ምብላዕ ግን፡ ናይ ሞት ሞት እዩ። ስለዚ፡ ካብ ዘይምህላው ምህላው ስለ ዝሓይሽ፡ ሰብ እንተድኣ ኮይንካ ንምህላው ክትመርጽ ይግባእ።

ሃገራት ምዕራብ፡ ንየም ተጸበይቲ ሓገዝ ብዘይርድኦም መገዲ ኣብ ኣእምሮኦም ቀመማት ልምሰት ከም ዘፍስሱሎም ክትፈልጥ ኣለካ። እዚ ቀመምዚ ዝፈሶ ሓንጎል ከኣ ካብ እናኣምባዕቖካ ትኳቦ ምጽባይ ዝሓልፍ ወጽኢት ክህብ ዝኽእል ኣይኮነን።

ተማሂርካ፡ ኑቲ ዝተማሃርካዮ ዓውዲ ተኸቲልካ ጸሒቲርካ ንህዝብኻ ሓደ ዝዋኖጥ ፍረ ምብርካት ልዑን ግቡእን’ዩ። ምሁር ክነሽኻ ክናኻ ኣጸዕዲኻ ንስሚያት ዓዲ ጓና ምቀማጥካ፡ ናብቲ ኣእምሮኻ ናይ ጸጋ ቦታ’ዩ ኢሉ ዝኣመኖ ቦታ ንምስጋር ክትምጉ ምንባርን ከኣ፡ እቲ ዝኸፍአ ስንክልና’ዩ።

ከም ፓፓጋሎ፡ ሰብ ስዉር መቒሕ ንሓደሽ መግዛእቶም ንኽጥዕሞም ዝኸበሉዎ ቃላት እናደገምካ ካብ ምንባር ዝኸፍእ ነገር የለን። ተቓሊስካ ከም እትዕወት ኣሚንካ፡ ኣፍሪቃኻ ምልዓል እዩ እቲ ፍታሕ። ኣብ ርእሲ ጥሜት ተዓወት። ናይ ሓዋሩ ፍታሕ ክተንግስ ተላዓል። እንተድኣ “ንመዝሙር ምዝመዛ ሰብ ስዉር መቒሕ ክደግፆም፡ ንዕኡ እናኣስተማቐርኩ ክነብርን’የ ዝደለ.” ኢልካ ግን፡ ህዝብኻ ኣደዳ ሕበእ ሞቒሖም ከም ዝኸውን ምፍላጥ ከድሊ’ያ’ዩ። ህዝብኻ እንተድኣ ነቒሑ ኸኣ፡ ኣብ ክንዲ ንስኻ ትምህሮ ንሱ ክምህረካ እዩ።

እንተ ኤርትራ ግን፡ ኑቲ ካብ እዋን ሰውራ ዝሓለፈቶ ክብርታት ክብር ኣተሓሳስባ ሐዚያ ነቒሉ። ህዝቢ ኤርትራ፡ ከም ሕብረተሰብ “ዝኺ ህበይ ይጉብር!” ዝብል ኣበሃህላ ኣለዎ። ኣብ ካልኦት ኣህዛብ ኣሎ ደዩ የለን መጸናዕቲ ዝሓትት ጉዳይ እዩ።

ኤርትራ ግን፡ ዝኺ ዕጥቂዚ ዓጠቓ’ያ፡ ኑቲ ናብ ሓሰረ መከራ ዝወስድ መስመር ኪዲ፡ በቲ ንጸህሉ ኣብ ጉዳይ ተመኩሮኣ ዘረጋገጸቶ ናጻ መስመር ትገዓዝ ዘላ። እዚ ሃብታም ተመኩሮ’ዚ፡ ቀስ ብቐስ ናብቲን ኣደዳ ስዉር መቒሕ ምዕራባውያን ሃገራት ኮይነን ዘለዋ ናይ ቀረባን ርሑቕን ሃገራት ክሰፍሕ፡ ይቐረብ ደርሓቕ፡ ይቓልጥፍ ይደንጉ ልዑል ትጸበት ዝዝበሮ መትከላዊ እምነት እዩ። እቲ ንጹር መስመር ናይቲ ጥጡሕ ባይታ፡ ንሱ ስለ ዝኾነን ኣብ ገጹ ኑበሱና ኣረጋጊጽናዮ ስለዘሎና።

እዚ ሓቂዚ ኤርትራ መዓስ እያ ብድፍረት ዓው ኢላ ተዛረብትሉ ዘይፈልጥ ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን። እናሰምዓ ከም ዘይሰምዓ ዘጽቀጣ ኣእዛን ግን ክህልዋ ይኽእላ እያን። ኣረ ዓለም ብዓለሙ’ዩ ኣጽቂጡ ነይሩ እንተበልካ እውን ምስ ምግናን ክጽብጸብ ዝከኣል ጉዳይ ኣይኮነን።

ምኽንያቱ እቲ ሓቂ፡ ብመገዲ ክቡር ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ክለዓልን ብዙምልኩየም ኣካላት ተደጋጊሙ ክንገርን ከሎ፡ ገለኦም “ጠፍኣት’ዛ ሃገር፡ ዘይትኽሕ ጉዳይ ተኽኪፉ ሎሚስ ንዕርብርባ’ዩ!” እናበሉ ኣብ ክንዳና ተሽቑረርም ነይሮም።

ገሊኦም፡ ዘይክውን ኣርእስቲ እዩ ተንከፍም ኢሎም ስለዝሓሰቡ፡ ኣብ ክንዳና ብሕፍረት ዝኣክል ኣብ ጸፍሮም ክኣትዉ ቁሩብ ተሪፉዎም ነይሩ። ብኣንጻሮዚ ኸኣ ምዕራባውያን እዚ ሓሳብዚ ናብ ካልኦት እንተድኣ ሰሪጹ፡ ንዓናን ንረብሓናን ከበድ ሓደጋ’ዩ ብምባል፡ ኣዒንቶም ኣንጉልሒጦም ከም ኣኻልብ ነቢሖም።

ሕሉፍ ሓሊፉም፡ ኑቲ ክቡር ሓሳብ ዘበገሰ ፕረዚደንት ኤርትራ ጸለሎ ኣብ ምቕባኡ ተጓይዮም። ካብ ህዝቡ ንኽፍንጽሉዎ ኩሉ ዓይነት ፈተነታት ኣካይዶም። ምኽንያቱ ምስ ኣበዮም ከኣ፡ “ዓሳ ንምጽናዕት ባሕሪ ክጠፍእ ኣለዎ” ካብ ዝብል ፈሊጥ ተበጊሶም፡ ሃገር ብዘይሰብ ንኽትተርፍ ያኢ፡ ሰብ ናብ ስደት ንኽየዕዙ ዘይተኣደነ ገጽዖዊ ፈስሰ ገይሮም። ማዕረ ማዕረኡ፡ ደረት ኣልቦ ዝኾነ ፕሮፓጋንዳዊ ዘመተ ኣካይዶም።

“ህዝቢ ኤርትራ፡ ምስ ጠመየ ንመራሒኡ ባዕሉ ከውርዶ ይኽእል እዩ” ካብ ዝብል ዘይብስል ኣተሓሳስባኦም ተበጊሶም፡ ንኤርትራ ሰፍ ዘይብል እገዳታት ጸዒኖም። ህዝቢ ንኽርመስ፡ ነተን ዝርከባ ቁጠባዊ ትካላት’ዛ ሃገር ኣብ ምእጋደን ተጓይዮም።

መዓስ እዚ ጥራይ፡ ንጸለመ ዘዋፈሩዎም ስሙያት ሰባት ኣኽቲቶም፡ ብርዕታቶም ኮና ልሳናቶም ወግሐ ጸበሐ ኣብ ጸለመ መንግስቲ ኤርትራ ኣቐኒዮሞ። ኣይተኻእለን ድኣ’ምበር፡ ንየም ካብ ፈተነ ዘይዓረፉ ኮራኹርም “ቾብ” ክበልዑልና ፈቲኖም። ኣብ መወዳእታኡ ኸኣ ብስዉኣትና መጺኦምና። ንየም ደጊማ ዘይትርከብ እንኮ ሂወቶም ወፍዮም ከም ሃገርን ህዝብን ናጻ ንኽንነብር ዝበኩና ሰውኣትና ከናሽውም ጀሚሮም።

መልእኽቱ ርዱእ እዩ። ኑቲ ረቂቕ መንፈሳዊ ሓይሊ ኤርትራውያን ንምድኻም ዝዓለመ ተበግሶ እዩ። ተኣሚኖ ንክኸውን ከኣ፡ ብልሳን እንየም ሸቓጣት ደቀባት ኣቢሉ ክምዝቃላሕ ገይሮሞ። ንዕሰብት ዝተቐበሉት ኑበሲ ዓሱቦታ ዝበሉዋ ካብ ምግባር ከምዘይትቐጠብ ዝተፈልጠ ነገር እዩ። እንየም ኑቲ በኞ ህዝቢ ዝኸፈል ዋጋ ጸይናም፡ ኑቲ ትብዓትን ምጽማምን ዝሓትት ግዜ፡ ኣብ ቀምሺ ኣዒንኦም ተሓቢኦም ዘሕለፉዎ ዜጋታት ክይተረፉ፡ ክይሓሸኹ ስዉኣትና ኣብ ምዝንጣል ተዋፊሮም። ንኤርትራ ክትንሽፍ ዘይግብእ ነጥቢ ኣልዓሊሞሎ።

ይኹን እምበር፡ እቲ ናይ ኣላዕላ ኩርናዓት እውን ዝተፈላለየ ከምዝኾነ ክፍለጥ ኣለዎ። ኤርትራ ካብቲ ምንጩ መጠሊ ፍልስፍና ኣተሓሳስባ ደቂ ሰብ ዝብዝሕን ዝተኣሳሰርን ሓሳብ እያ ኣቕሪባ። ኣብቲ ደቂ ሰብ ብምሉእ ናጽነት ሰሪሖም ክበልዑ ኣለዎም ዝብል መሰረት ሓሳብ ተመርኲሳ ድማ ገሊጻቶ።

እዚ ማለት ከኣ፡ ሰባት ተኻፊብን ተተኣኻፊብን ክኾኑ ዝተፈጠሩ ፍጡራት ኣይኮኑን። ስለዚ፡ ንየም እንተስ ብበደል ገዛእቶም ተረጊጾም ብምጽንሖም ናይ ሰራሕ ባይታ ዘይረኸቡ፡ እንተስ ዝሕግዘ ብምስኣን ክጠምዩን ክጸምኡን ዝጸንሑ ሰባት ንምሕጋዝ ዝፎርሩዎ መገቢ ረዲኤት ምዝዋም ዘይትካሰ፡ ዝሰርሑሉ መሳርሒታትን ትምህርትን ብምሃብ ንሓዋሩ ካብ ወህብቶ ከም ዝላገሉ ምግባር ዝብል ሓሳብ እዩ ኣቕሪባ።

ከምኡ ስለ ዝኾነ ኸኣ፡ ንየም ሓገዝቲ ኢና በሃልቲ እኽሊ ካብ ትሕግዙና መሳርሒታት ሜኣቶት ክትሕግዙና ኢና ንደሊ ኢሎም። ሓንሳእ ዘይኮነ ደጋጊሞ። ይኹን እምበር ንልግሶም ከይተጸበየት ብጉእ ርእሳ ኑበሳ ክኢላ ሃገር ክትሃንጽ ተበጊሳ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ’ውን በጺሓ። እዚ ሕቶ’ዚ፡ ከም ሕማቕ ኣብዑት ተወሲዱ ርእሶም ከም ዘሕረርዎም ፍሉጥ እዩ።

ሕጂ ግን ባዕሎም ንባዕሎም ዝሽናኖግሉ ሕቶ ኮይኑ ክንርእዮ በቒዕና ኣሎና። ረብሓታቶም ምጥፅዓም ምስ ኣበየ ድኣ’ምበር ንድኻታት ሃገራት ደንጊጾም ዘልዓሉዎ ሕቶ ከም ዘይኮነ ግን ግሁድ ዝሓትት ጉዳይ እዩ። እንየም ናይ ረዲኤት ትካል ዝሓዙ ወገናት፡ ንየም ኣብ ማዕዶ ዘለዉ ምቕጻዕ ሓሊፉዎም፡ ኑቲ ደሃኺ በትሮም፡ ኣብ ገጾም መሪቡዎም ክተግብሩዎ ምስ ጀመሩስ ዝጠርዑ ወገናት ተላዒሎም ኣለዉ።

ናይ ኤርትራ ሓሳብ ግን፡ መትከላዊ እምነት ድኣ’ምበር ምስዚ ድሕሩ ዝመጸ ሓሳብ ዝተሓላለዘ ኣይኮነን። ብዩንደ ርእሱ ምስ ሓልዮት ወጹዓት ህዝቦታትን መሰል ማዕርነታዊ ተጠቃምነት ሃብቲ ህዝቦታትን እዩ ዝተኣሳሰር። እንተ’ቲ ባዕሎም ኣልዒሎምዎ ዘለዉ ጉዳይ ወሰብቲ ረድኤት ትካላት ግን፡ ናበይ ገጹ ከም ዘምርሕሲ፡ ከም ቀደምና፡ ክይተረበጽና ዘበን ኢልና ክንከታተሎ ኢና።



### ሎሚ ኣብ ERI-TV

ብምኽንያት ቅንያት ናጽነት፡ ኩሉ መደባትና ዝ.ክብር በዓል ዘንጸብርቕ ትሕዝቶ ክህልዎ እዩ።

ብስራት ተመስገን

# በዓል ናጽነት ዘድመቐን ዛዛሚ ኲናት ደቀምሓረ ዝዘከረን ሓባራዊ ጉያ



ታሪኽ ኣብ መጽሓፍ ተሰኒዱ ከም መወከሲ ንወለዶታት ዝሰይድ ዛንታ'ዩ። ኮይኑ ግን ታሪኽ ኣብ ወለዶታት ተዘኪሩ ክኸውን እንተ ኾይኑ ናቱ መዘኻኸሪ ምግባር የድሊ። ዘለናዮ ግዜ ቅንያት ናጽነት'ዩ። እዚ ቅንያት'ዚ ከኣ ንናጽነትናን ምኽባር ልኡላውነትናን ዝኸፈልናዮ ዘሎ ታሪኽና፡ ዝተፈላለዩ መደባት ብምስራዕ እነዘንትወሉ'ዩ። ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ - ዞባ ደቡብ ንቅንያት ናጽነትና ደምቀት ዝወሰኸሉ ሓብራዊ ጉያን ጉያ ንናጽነትን ተኻዪዱ ነይሩ። እቲ ዕላማ ክሽዮ ምዝንጋዕን ሓጎስን ስፖርት ተጠቒሙ፡ መንእሰያት ታሪኾም ክፈልጡን ኣብ ዓውዲ ስፖርት ዘለዎም ድሌት ክጛቓቕሑን ዕድል ንምፍጣር እዩ። ከምኡ ከም እንፈልጦ ዛዛሚ ኲናትን ምሕራር ደቀምሓረን ርእሰ መኣዝን ዓወት ናጽነት ኤርትራ ኮይኑ፡ ኣብ'ቲ ቦታ ከምዚ ዓይነት ውድድራት ምኽያዱ ነቲ ኣብ 1991 ዝተፈጸመ በርቃዊ ታሪኽ ሓርነትና ኣውቂቡዎ እዩ። ኣብ'ቲ ብ18 ግንቦት ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ዝተኻየደ ሓብራዊ ጉያ፡ ዕዙዝ ተሳትፎ ኣባላት ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ፡ ማሕበራት ገድሊ፡ ሰራሕተኛታት መንግስቲ፡ ኣደታትን መንእሰያትን ነይሩ። ከምኡ'ውን ኣብ'ቲ ክልተኡ ጾታ ዝተሳተፍዎ ውድድር ጉያ ንናጽነት፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ናይ 3 ሽሕ ሜትሮ፡ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ኣብ 5 ሽሕ ሜትሮን ተሳቲፎም። ኣብ ናይ 10 ሽሕ ሜትሮ ጉያ ድማ ክልተኡ ጾታ ተሳቲፎም፣ ነቲ ውድድር ብኣንጸባራቒ ዓወት ዛዚሞሞ። ካብ ኣድ ዝተፈላለዩ ሓለፍቲ ድማ ናይ ዋንጫን ገንዘብን ሽልማት ተዋሂቡዎም።

ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ዝተኻየደ ናይ ሎሚ ዓመት ውድድር ሓብራዊ ጉያ፡ ሓለፍቲ ስፖርት ንኡስ ዞባን ዞባን ኣብ 2021 መጸናዕቲ ብምኽያድ'የም ጀሚሮሞ። ምስ'ቲ ንኡስ ዞባ ዝሰይድ ታሪኻዊ ፍጻመታት እንተሎ ፈቲኖም ድማ ነቲ ውድድር ክሰርዕዎ ክኢሎም። ብመሰረት'ቲ ዘቐደዎ መጽናዕቲ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ክልተ ዓበይቲ ታሪኻውያን በዓላት ዝሓቘፈ ምኳኑ ክየገንዘቡ ከምዘኽኣሉ ድማ ሓላፊ ኮምሽን ባህልን ስፖርትን ን/ዞ/ ደቀምሓረ ኣቶ ኪዳን ፍስሃየ ይሕብር። ንሳተን ድማ ብሓረስቶት ኢጣልያውያን ተኣታትዩ ዝዘከር ዝነበረ በዓል ወይኒ፡ ከምኡ ድማ ዛዛሚ ኲናት ደቀምሓረ እየን። ነቲ ብምኽንያት ቅንያት ናጽነት ዝተኻየደ ውድድር ሓብራዊ ጉያ ድማ ምስ ዛዛሚ ኲናት ደቀምሓረ ብምትእስሳር ከም ዝሰርዕዎ ኣቶ ኪዳን ፍስሃየ ወሲኹ የረድእ። እቲ ውድድር ፍልይ ዝበሎ፡ ኣለምለምቲ ኣውያን ኣትሌታት ዝተሳተፍዎ ምንባሩ'ዩ። እዚ ከኣ ኣብ'ቶም ንኣሽቱ ስፖርተኛታት ልዑል ፍናን ክፈጥርን ነቲ ውድድር መቐረት ክወስኸሉን ከም ዝሓገዘ ኣቶ ኪዳን ይገልጽ። እዚ ንመበል ራብዓይ ግዜኡ ዝተሰላሰለ ሓብራዊ ጉያ፡ ሳላ ኩሎም መሻርኽቲ ኣካላት፡ ዓመታዊ ብሸቱ መዲያቱ እናዓበየ ይመጽእ ከም ዘሎ፣ ብዙሓት ነጋዶያን'ውን ተዘክሮኦም ንምሕዳስ ነቲ ውድድር ብኣካል እናተረኽቡ ይዕዘብዎ ምህላዎም ድማ ኣገንዘቡ። ምስኡ'ውን ነቲ ታሪኽ ዝገልጹ ብዙሓት ቅርስታት ኣብ ሓወልቲ ሰማእታት ኣብ ምድላው ስለ ዝርከቡ፡ ምስ ተዛዘሙ፡ ንምርኢት ተኸፊቶም፡ መንእሰያት ታሪኾም ዝፈልጡሉ ዕድል ክህሉ ትጽቢት ከም ዝርከቡ ኣቶ ኪዳን ፍስሃየ ገለጸ።

ኣቶ ኤፍሬም ተኸስተ፡ ፕረዚደንት ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትለቲክስ ኤርትራ፡ ነቲ ውድድር ኣመልኪቱ ሓሳቡ ኣካፊሉና ነይሩ። ንሱ፡ እቲ ሓብራዊ ጉያ ቅዱስ ቅንኢ ዘለዎልን ካልኦት ዞባታት ክስዕብኦ ዝድርኽን ከም ዝነበረ ጠቒሱ፡ ብዙሓየለ እንተ ደኣ ተሰሪሑሉ፡ ሃገር ዘሰምዩ ንኣሽቱ ኣትሌታት ክፈርዩ ባይታ ከም ዝፈጥር፡ ጽኑዕ እምነቱ ገሊጹ። ኣብ'ዚ ጉያ ንናጽነት፡ ብዙሓት ደቂ ኣንስትዮ ክሳተፋ ምዕዛቡ ከም ዘደነቖ ብምምልካት ከኣ ነቲ ቀጻሪ ኾይኑ ደቂ ኣንስትዮ ብሃገር ደረጃ ንምስሳን ዝቐደድ ዘሎ ጻዕሪ ተስፋ ዝሁብ ምዃኑ ገለጸ። ኣብ ቀጻሊ"ውን ዝ. ብዙሓ ተሳትፎ ደቂ ኣንስትዮ ዚያዳ ንምሕያል፡ ኣብ ልምምድ ምጽማድን ዝተፈላለየ ዕድላት ውድድር ምፍጣርን ከም ዘድሊ ኣገንዘበ። "ታሪኽን ስፖርትን ኩሉ ግዜ ተኣሳሲሮም ዝኸዱ ኣገደስቲ ምዕራፍ ኣብ ሂወት ወዲ 'ሰብ'ዮም" ዝበለ ኣቶ ኤፍሬም፡ እዚ መደብ ንድምቀት መበል 34 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ይቕየድ ምህላዉ፡ ካልእ ጽባቐ ከውሰኽ ኣኽኢሉ ከምዘሎ ኣረዲኡ። ኣብ ዝሓለፈ 34 ዓመታት፡ ኣብ ውድድር ጉያ ብዙሕ ታሪኽ ሰኒድና ስለ ዘለና ከኣ፡ ንምዕቃቡን ሓደስቲ ኣትሌታት ንምፍራይን እቲ ጻዕሪ ብሸሉ ሸነኽ ክሕየል ተላብዩ። ኣብ መወዳእታ ኣቶ ኤፍሬም፡ ተሳተፍቲ ናይ'ዚ ውድድር ካብ ዝተፈላለዩ ንኡሳን ዞባታት ዝመጽኡን ተፈጥራዊ ብቕዓት ዘለዎምን እኳ እንተ ኾኑ፡ ናብ ኣህጉራዊ ማራቶን ክሰግሩ ግና ናይ ተኽኢክ ልምምድ ከም ዘድልዮም ኣተሓሳሰበ።

ፕረዚደንት ኣትለቲክስ ዞባ ደቡብ መም/ ሙሴ ከበደ ብወገኑ፡ እቲ ናብ መንእሰያትን ንኣሽቱ ወለዶን ጠሚቱ ዝተኻየደ ሓብራዊ ጉያ ይኹን ጉያ ንናጽነት፡ ዕላማኡ ዘወቓዐን ንጽምብል ናጽነት መቐረት ዝወሰኸን ከምዝነበረ ሓቢሩ። መም/ ሙሴ፡ እቲ ሓብራዊ ጉያ ዓመት መጺኡ እናሰፍሓን እናዓበየን ስለ ዝመጽእ፡ ፌደረሽን ኣትለቲክስ ዞባ ደቡብ ካብ ሎሚ ዓመት ጀሚሩ ዓመታዊ ንኽከየድ ኣብ ካላንደሩ ኣሰፊሩዎ ከም ዘሎ ገለጸ። ከምኡ'ውን እዚ ኣብ ንኡስ ዞባ ደቀምሓረ ዝቐየድ መደብ ሓብራዊ ጉያ፡ ኣብ መጻኢ ኣብ ናይ ውድድር ካላንደር ሃገራዊ ፌደረሽን ኣትለቲክስ ኤርትራ ንምእታው ጻዕርታት ይግበር ምህላዉ ሓቢሩ። ከም'ዚ ዓይነት ምስ ታሪኽ ኣሰኒኻ ዝቐየድ ውድድር ጉያ፡ ሃገራዊ መንነት መንእሰያት ዝሰልዕን ነቲ ሪዚን ዕሉት ክትዝክር ዝጉብርን ስለ ዝኾነ፡ ዓቢ ትምህርቲ ከምዝቐሰሞ ዝሓበረ መም/ ሙሴ፡ እቲ መደብ ዕውት ክኸውን ንዝጸዓቱ ኩሎም ወገናት ኣመስጊኑ።

"ኣብ'ዚ ዕሉት ተረኺብና ዘለና፡ ንመበል 34 ዓመት ናጽነት ንምጽንባል፡ ከም ተወሳኺ ንዛዛሚ ኲናት ደቀምሓረ ንምዝካር እዩ። እዚ ብምኽንያት ቅን ናጽነት፡ ኣብ ዛዛሚ ኲናት ደቀምሓረ ንመበል ራብዓይ ዓመቱ ዝኣንገድ ዘሎ ሓብራዊ ጉያን ጉያ ንናጽነትን ኣብ መንእሰይ ወለዶ ዘይሃስስ ጦብላሕታ ፈጢሩ እዩ። ነቲ ጉያ፡ ካብ ዓቢ ክሳብ ንእሽተይ ስለ ዝሳተፎ ድማ፡ ፈለማ ዓቕሚ ዘለዎም ኣትሌታት ንምድህሳስ፡ ቀጺሉ ድማ ታሪኽ ንምትሕልላፍ ምቹእ ባይታ ፈጢሩ'ዩ" ዝበለና ድማ፡ ሓላፊ ሃማማተኤ ዞባ ደቡብ መንእሰይ ግርማይ ገብሩ እዩ። ንሱ፡ ዛዛሚ ኲናት ደቀምሓረ፡ ምሉእ ዓቕሚ ጸላኢ ዝተሰለፈሉን ጽኑዕ ግንባር ጸላኢ ዝፈረሰሉን ብምዃኑ፡ ሓደ ካብ ርእሰ መኣዝን ታሪኽ ናጽነት ኤርትራ ምዃኑ ሓቢሩ። ታሪኽ ግን ጸዊካ ጥራይ ዝሓልፍ ስለ ዘይኮነ፡ ከምዚ ዓይነት ስፖርታዊ ውድድር ሰሪዕካ ክትዝክሮን ወለዶታት ክፈልጥዎን ምግባር፡ ብቐልል ዝበለ መንገዲ ኣብ ኣእምሮ መንእሰያት ክትሰንዶ ስለ ዝሕግዝ፡ ኣገዳሲ ምዃኑ ኣገንዘበ። ኣብ መወዳእታ መንእሰይ ግርማይ ገብሩ፡ መንእሰያት ሓይሊ ሃገር ክሳብ ዝኾኑ፡ ቀጻሊ ኣብኦም ትኹረት ዝገበረ መደባትን ንጥፈታትን ምስራዕ ከምዘድሊ ኣረዲኡ።

ተጋ/ ዑቕባይ ኣድሓኖም፡ ካብ ከተማ ደቀምሓረ'ዩ ናብ ሜዳ ተሰሊፉ። ኣብ'ዚ ግዜ ኣብ ኣመራጋ ዝቐመጥ ዘሎ ተጋ/ ዑቕባይ ኣድሓኖም፡ ኣብ ግዜ ንእስነቱ ነቲ ብኢጣልያውያን ሓረስቶት ዝዝከር ዝነበረ ድሙቕ በዓል ወይኒ ጸቡቕ ገይሩ ከም ዝዝክሮ'ዩ ዝሕብር። ኣብ'ዚ ግዜ'ዚ ድማ ብምኽንያት በዓል ናጽነት፡ ኣብ'ዛ ታሪኻዊት ከተማ ደቀምሓረ፡ ንዛዛሚ ኲናት እናዘከርካ ዝቐየድ ሓብራዊ ጉያን ጉያ ንናጽነትን ምስታፉ ሕጉስን ዕጉብን ከምዝገብሮ ማሳኪሩ። ንሱ፡ እዚ ሓብራዊ ጉያ ምስ ዛዛሚ ኲናት ብምትእስሳር ስለ ዝተወደበ፡ ንካልኣይ ግዜኡ ይሳተፍ ከም ዘሎ ብምግላጽ፡ ንድሕሪት ተመሊሱ ብዙሕ ከስተንትነን ስዉኣት ብጾቱ ክዝክርን ከምዝገበሮ ሓቢሩ። በዚ ኣጋጣሚ፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን ድማ የሃና ኢሉ።



ተጋ/ ዑቕባይ ኣድሓኖም



ኣቶ ኪዳን ፍስሃየ



ኣቶ ኤፍሬም ተኸስተ



መም/ ሙሴ ከበደ



መንእሰይ ግርማይ ገብሩ



# ንቕሓ ደበና

ሄለን መ'ኸታ

## ፍሉይነት ሓርነት ኤርትራ



ዳኒኤል እያሱ

"ኣንጻር ከቢድ ተጻብኦ ገጢማ ኣብ ገስጋሳ፡ ወሳንነትን ውጹእ ሓርነትን ብቓላት ዘይግለጽ ዓወት እተመዝግብ ዘላ፡ ትኣምራት ዝፍጸመላ፡ ወኒ ዝቕስቅስ ርእሰ-ምትእምማን ዘለዋ ዘይትዕጸፍ ሃገር ኤርትራ ተላዒላ ኣላ … መጻኢት ኣፍሪቃ ኣብ ጎቦታት ኤርትራ ርእየያ።" ዓብደልራሕማን መሓመድ ባቡ

"እተጽግበኒ ቅጫስ ኣብ ሞቕሎኣ ከላ እፈልጣ" ከም ዝብሃል፡ እዚ ልዒሉ ዝቐረበ ጥቕሲ፡ እቲ ስሙይ ታንዛንያዊ ጋዜጠኛ ዓብደልራሕማን ባቡ፡ ብ1985 ምዕባለታት ሜዳ ንምዕዛብ ፡ ናብ ሜዳ ኤርትራ ድሕሪ ምብጽሑ፡ ዝርኣዮ ክውንነት ንምግላጽ ዝጽሓፎ ትሕዝቶ እዩ። ኤርትራ፡ ከቢድ ዋጋ ከፊላ ዝሃነጸቶ፡ ግቡእ መስርሕ ዝሓለፈ ሓቐኛ ሓርነት እትውንን ሃገር እያ። እዛ፡ ብግጭትን ውግእን ኣብ ዝተሓመሰ ዞባ እትርከብ፡ ደሴት ሰላም ዝኾነት ሃገር በጺሓቶ ዘላ ደረጃ ሓርነት እምበኣር ብወዝቢ ወይ ብዕድል ዝመጸ ኣይኮነን።

ኣብ 1970ታት ህዝባዊ ሓይልታት ሃገራውነት፡ ሓድነት ኣብ ብዙሕነት፡ ማሕበራዊ ፍትሒ፡ ርእሰ ምርኮሳ፡ ወሳንነት ግደ ሰብ ዝሕመረቱ ስነ ሓሳብ ኣንቂሉ። ነዚ ስነ ሓሳብ'ዚ ኣብ ሓፋሽ ንምስራጹ ሓያል ኣወዳድባን ዕዮን ኣካይዱ። እዚ ድማ ነቲ ኣቐዲሙ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝነበረ ናይ ምትሕብባር መኽላእታታት ብምስዓር፡ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ሓርነቱ ክዉን ንምግባር ኣብ ሓደ መስርዕ ከም ዝኸትት፡ ብኤርትራዊ ሃገራውነት ከም ዝህነጽ፡ ብሓባር ክቡር መስዋእቲ ከም ዝኸፍል ብምግባር፡ ስጉሚ ብስጉሚ ተጓዒዙ ሓርነቱ ህያው ክገብር ኣኽኢሉ እዩ። ኤርትራ ከምተን ብምኽንያት ሕብረ ብሄራዊ ብዙሕነተን፡ ቀጻሊ ውግእን ግጭትን ዘጽሕፍቶኣን፡ ኣብ ቅልውላው ዝነብራ ሃገራት ዘይኮነት፡ ሕብረ ብሄራዊ ብዙሕነታ ናብ ቂሐ ጽልማዊ ጽባቐ ብምስግጋር፡ ስኒትን ሓድነትን ከተንግስ ዝኸኣለት ሃገር ኮይና እያ። ነዚ ረዚን ዋጋ ከፊላ ዝሃነጸቶ ክውንነት፡ ናብ ምሉእነት ዘለዎ ዘላቒ ራህዋ ንምስግጋር ክግበር ዝግብኦ ዕዮ፡ በቲ ሓርነት ንምምጻእ ዝተኸደ ናህሪ ንኸይቕጽል፡ ዘየባትኽ ተጻብኦታት ክግበር ጸኒሑን ኣሎን። እዚ ክውንነት'ዚ ኩሉ መንእሰይ፡ ብፍላይ ነቲ ሕሰም መግዛእቲ ዘይርኣየ ሓድሽ ወለዶ፡ ከምቲ "ኣብ ኢድካ ዘሎ ወርቂ ዳርጋ ጨርቂ" ዝብሃል ከይከውን ልዑል ኣስተብህሎ ይሓትት። መንእሰይ ዝወረሶ ጽባቐ ንምስትምቓር ዝኽእል ዕያር ስምዒት ህዋሳቱ ንኸይጎድል፡ ክውንነት ኤርትራ ዝጉልሕ ዝተፈላለየ መስትያት ብምውዳድ ንኸገናዝብ ምሕጋዙ የድሊ።

በዚ መሰረት፡ ናይ ሎሚ ትሕዝቶና ነዚ ስዒቡ ቀሪቡ ዘሎ ክውንነታት ናይ ዝተፈላለያ ሃገራት ኣፍሪቃ ንመንእሰያት ጀባእ ምባል እዩ'ሞ ሰናይ ንባብ።

### ናሚብያ

'መሬት ጆጋኑ'፡ ዝብል ሓረግ፡ ህቡብ ቅጽል ናይታ ኣብ ደቡባዊ ምዕራብ ኣፍሪቃ እትርከብ ሃገረ ናሚብያ እዩ። ርእሰ ከተማ ናሚብያ፡ ዊንድሁክ፡ ንኸተማታት ኤውሮጳ እትዳረግ ጸዓዱ ነበርቲ ዝበዝሕዋ ከተማ እያ። ዕላል መንእሰያት ዊንድሁክ፡ ኣብ ጉዳይ መሬት ዝዛዘወ እዩ። ኣብ ዋንነት መሬት ምዕሪት የለን፣ ብመሰረት እቲ ብዛዕባ ናሚብያ ዝተዳለወ መጽናዕታዊ ጽሑፋት ዘቕርቦ ዳታ፡ ኣስታት 360,000 ትርብዒት ኪሎ ሜተር ንግዳዊ ሕርሻ ተባሂሉ ብጸዓዱ ይውነን። ዳርጋ ብደረጃ ኣህጉር፡ ጉዳይ ዋንነት መሬት መንእሰያት ዋላ'ኳ ኣዕጋቢ ፍታሕ ዘይተረኽቦ ኣርእስቲ ይኹን፡ ሃገረ ናሚብያ ድማ ዝያዳ ካልኦት ሃገራት፡ መንእሰያት ብዛዕባ መሬት ዝዕዘምዝሙላ ሃገር ኮይና ንረኽባ።

ኣብ ፈቐዶ ዞባታት ናሚብያ ዝርከብ ትእምርታት፡ ኣብ ቤተ-መዘክር ሰውራ ህዝቢ ናሚብያ፡ ከምኡ'ውን ከም ኣካል ከተማ ዊንድሁክ ተደኲኑ ዘሎ ፓርክ ስማእታት ምስ ተዓዘብካ፡ ህዝቢ ናሚብያ ንጀጋኑኡ ዘሎዎ ኣኽብሮት ክትርዳእ ዘጸግም ኣይኮነን። ይኹን እምበር፡ ከቢድ ዋጋን መስዋእቲን ተኸፊሉ ክነሱ ጉዳይ መሬት ብደቂ ሃገር ክፍታሕ ዘይምኽኣሉ፡ 'ኣይግድን' የብል። ንምውሓስ ዘላቒ ስኒትን ሓድነትን ህዝቢ ተባሂሉ፡ ኣብ ጽባሕ ናጽነት ንምድልዳል ዋንነት መሬት ዝነቐለ ሃገራዊ ፕሮግራም "ብዓል ድላይ ዓዳጊ፡ ብዓል ድላይ ሸያጢ"፡ ዝድለ ውጽኢት ከምጽእ ኣይክኣለን፡ ፡ እዚ ፕሮግራም'ዚ፡ መንግስቲ ካብቶም ሰፋሕቲ መሬት ንግዳዊ ሕርሻ ዝውንኑ ጸዓዱ ሓረስቶት፡ መሬት ብምዕዳግ ነቶም መሬት ዘይብሎም ደቀባት ንምክፋል ዝወጽአ ፕሮግራም እዩ። እንተኾነ እቶም ዋናታት፡ መሬት ክሸጡ ፍቓደኛታት ብዘይ ምኻኖም ክዕወት ዘይከኣለ መደብ እዩ። ምዕሪት ዋንነት ንግዳዊ ሕርሻ ኣብ ናሚብያ፡ 6% ናይ ህዝቢ እታ ሃገር ዘቑሙ ጸዓዱ ዜጋታት ኣስታት 86% ስፍሓት መሬት ክውንኑ እንከለዉ፡ ዝተረፈ 14% ካብ መሬት ንግዳዊ ሕርሻ ድማ ብደቀባት ይውነን። በዚ ድማ መሬት ዝደልዩ ዜጋታት ናሚብያ ብሓፈሻ፡ ብፍላይ ድማ መንእሰያት፡ ካብቶም ሰፊሕ መሬት ዝውንኑ ጸዓዱ ዜጋታት ክራይ መሬት ክረኽቡ ጥራይ ከም ፍታሕ ኮይኑ የገልግል ኣሎ።

### ሰራልዮን

ብመሰረት መግለጺ ቀዳመይቲ እመቤት ሰራልዮን፡ ማዳም ፋጡማ ቢዮ፡ ናይ ሰራልዮን ሰሃሮ ኣብ ጉዳይ ምሕደራ ማዕድናት እዩ። ኣብ ሰራልዮን ዝዕድና ኩለን ኩባንያታት፡ ናይ ወጻኢ ሃገራት ኮይነን፡ ካብ ምሕደራ መንግስቲ ሰራልዮን ወጻኢ እየን። ካብ ንብሲ.ወከፍ ሓንቲ ኣብ ዕደና ዝተዋፈረት ናይ ወጻኢ ኩባንያ እትረኽቦ፡ ናይ 100 ሚልዮን ዶላር እቶት ብጽሒት፡ ህዝቢ ሰራልዮን 10 ሸሕ ዶላር ጥራይ ኣቢሉ እዩ። ትካል ኤለትሪክ ሰራልዮን 'ቡቡዳ' ብናይ ወጻኢ ሃገር ኩባንያ እዩ ዝውነን፣ መንግስቲ ሰራልዮን ከም ዊንትኡ ዘማሓድሮ ኣይኮነን፡ ፡ ብመሰረት ውዕል ሓርነት እታ ሃገር፡ እቲ ካብ ማዕድናት ዝርከብ፡ ናብ ህዝቢ ሰራልዮን ዝመጽእ ረብሓ ኣዝዩ ድሩት እዩ። ነዚ ከመሓይሽ ወይ ክቕይር ዝፍትን መራሒ'ታ ሃገር ድማ ብህዝባዊ ናዕቢ ኣብ ጸገም ከም ዝኣቱ ይግበር።

### ዲሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ

ዋሊካሊ ኤክስፕረስ፡ ኣብ ዞባ ዋሊካሊ ዲሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ዝርከብ መዓርፎ ነፈርቲ እዩ። እዚ መዓርፎ ነፈርቲ'ዚ መዓልታዊ፡ 15 በረራታት ፍሉያት ነፈርቲ የእንግድ። እዘን ነፈርቲ፡ ነቲ ካብ'ታ መዓርፎ ነፈርቲ ኣስታት 40 ማይል ርሕቀት ተዘርጊሑ ኣብ ዘሎ 10 ንቑጣታት ባህላዊ ዕደና፡ ዝምስራሕ ማዕድን ቀይሕ ሓጺን ጽዒነን ናብ ዕዳጋታት ምዕራብ የበጻጽሓ። መንእሰያት ኮንጎ፡ ነቲ ማዕድናት ኣብ ነናይ 50 ኪሎ ግራም ክብደት ከፋፊሎም ብጉልበቶም ተሰኪሞም ክሳብ 40 ኪሎ ሜተር ተጓዒዞም ካብ ቦታ ዕደና ናብ'ዛ ምዕርፎ ነፈርቲ የብጽሕዎ። ነቲ ካብ ሓደ ክሳዕ ክልተ መዓልታት ዝወስድ ጉዕዞ፡ ናይ ሞትን ሕየትን ኵነታት ሰጊሮም ኣብቲ መዓርፎ ነፈርቲ ምስ በጽሑ፡ ሓሙሽተ ዶላር ይኽፈሉ። ንዋሊካሊ ኤክስፕረስ ንምቁጽጻር ኣብ መንጎ ዕጡቓት ወገናት ዲሞክራስያዊት ሪፓብሊክ ኮንጎ ቀጻሊ ግጭት ይካየድ እዩ። ህዝቢ ናይቲ ከባቢ ድማ ኩሉ ግዜ ኣብ ሻቕሎትን ህድማን ይነብር። ኣብቲ ከባቢ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ዓቃብ ሰላም ወትሃደራት ዋላ'ኳ ንነዊሕ እንተ ሰፈረ፣ ኣብቲ ኩነታት ዘምጽኦ ለውጢ የለን።

### ኢትዮጵያ

ኢትዮጵያ ካብተን ንሓጺር ግዜ ኣብ ትሕቲ መግዛእቲ ኤውሮጳ ዝነበረት ሃገር ኮይና፡ ኤውሮጳዊ መግዛእቲ ብዙሕ ዘይጸለዋ ሃገር እያ። ይኹን እምበር ብዝተፈላለየ መገዲ ሓራ ኮይና ጉዳያታ ከተመሓድር ኣይበቐዐትን። ሓደ ካብቲ ቀንዲ ጸገማት፡ ነብሰኻ ናይ ምኽኣል መንፈስ ዘይብላ ምዃና እዩ። ብመሰረት'ቲ ብ26 ሕዳር 2024፡ ኣብ ረድዮ ድምጺ ኣሜሪካ፡ ዝተዘርግሐ ጸብጻብ፡ ዓመታዊ ባጀት ኢትዮጵያ (ናይ 2017 ብኣቈጻጽራ ግእዝ) ኣስታት 1.5 ትርልዮን ብር ነይሩ፣ 15% ካብ ግብሪ ክእከብ ትጽቢት ዝግበረሉ ኮይኑ፡ 85% ግን ካብ ለገስቲ ሃገራት ክርከብ ትጽቢት ዝግበረሉ እዩ።

እዚ ልዒሉ ዝተጠቕሰ ቀምሶ ካብ ክውንነት ኣህጉር ኣፍሪቃ፡ ካብ ብዙሕ ውሑድ ንምጥቃስ ዝቐረበ ኮይኑ፡ የግዳስ ተመኩሮ ሃገራት ኣፍሪቃ ንምንእኣስ ዝተገብረ ኣይኮነን። ልክዕ'ዩ፡ ኤርትራ ድሒራ ናጽነታ ዝረኸበት ሃገር ከም ምዃን መጠን ካብ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ ክትምሃሮ እትኽእል ብዙሕ ተመኩሮታት ክህሉ ንቡር እዩ። ንብቕዓት ሓርነት ኤርትራ ብዝምልከት ግን ኣመጻጽኡ፡ ኣትሃናንጽኡ ይኹን ብቕዓቱ ኣብ ዝሓሸ ደረጃ ዘሎ ምዃኑ ክንግንዘብ ንኽእል። ኣመጻጽኣ ሓርነት ኤርትራ፡ መሪርን ገዚፍን ዋጋ ተኸፊልዎ፡ ብቓልሲ ህያው ድሕሪ ምዃኑ፡ ካብ ፈርማን ትካቦን ናይ ዝኾነ ሓይሊ ወጻኢ፡ ብድምጺ ህዝቢ ኤርትራ ብምልኣት ዝተረጋገጸ እዩ። ሓርነታዊ ቃልሲ ኤርትራ ኪንዮ ብጎነጻዊ ቃልሲ መግዛእታዊ ስርዓት ምጽራግ፡ በብግዝይኡ ኣብ ጉዕዞኡ ንዘጋጠመ ሃጓፋት እናኣረመ፡ ኣብ ንቕሓት፡ ውዳበን ምዕጣቕን ሓፋሽ ገዚፍ ወፍሪ ብምግባር፡ ኣብ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ንድሑር መረዳእታታት ብምጻራግ ገስጋሲ ኣተሓሳስባ እናኣስረጸ ዝኸደ መስርሕ እዩ። ውጽኢት ናይዚ ድልዱል መስርሕ ኣተሃናንጻ፡ ህዝቢ ኤርትራ ከም ሓደ ጥሙር ሃገራዊ ኮም ክህነጽ ተኻኢሉ።

እቲ "ሳሕል ከም ሃገር ህዝባዊ ግንባር ከም መንግስቲ" ብዝብል መርሖ፡ ኣብ ሜዳ ኤርትራ ዝኸይድ ዝነበረ መንግስታዊ ስርዓት፡ ድሕሪ ሓርነት መላእ ሃገር፡ ከምቲ ብዙሓት ውጻእ ብርኪ ሃገራት ዝገብርኦ ዘይኮነ፡ ናይ ዝኾነ ኣካል ሓገዝ ከይደለየ ንነጻ ኤርትራን ህዝባን ዝመስል ስርዓተ መንግስቲ ክሃንጽ ክኢሉ። ቅዳሕ ኣቐዲሙ ዝነበረ መግዛእታዊ ስርዓት ክወስድ ይኹን፡ ሞዴል ናይ ካልኦት ሃገራት ከም ዘለዎ ከርዕም ኣይደለየን።

ብጸገም ዝሓልፍ ህዝቢ፡ ነቲ ሕሰም ናብ ረብሓኡ ብጥበብ እንተ ቐይርዎ፡ ሓያል ድስፕሊን ከጥሪ እዩ ዝምሃር፣ ንቐጻሊ መስርሕ ድማ ሓያል ድስፕሊን ይውንን። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ መስርሕ ዝሃነጾ ድስፕሊን፡ ነቲ ዝጨበጦ ናይ ቃልሲ ውጽኢት ንኸምጽእ ፍቱን ኣጽዋር ኮይንዎ እዩ። እዚ ፍቱን ተመኩሮ'ዚ ኣብ ምውሓስ ልኡላውነትን ኣብ ህንጸት ሓያል ሃገርን ወሳኒ ግደ ኣሎዎ። ድስፕሊን ኣብ ስራሕ፡ ኣብ ነብሰ ግትኣት፡ ኣብ መትከልካ ምጽናዕ… እዚ ድስፕሊን'ዚ ንኹሉ ተጻብኦታት ታሃዲድ፡ እገዳ፡ ስነ-ኣእምሮኣዊ ኲናት፡ ወዘተ. ተጻዊርካ ኣብ መስመርካ ንምምራሽ ቀንዲ መሳርሒ እዩ።

ኤርትራ እምበኣር፡ ምሉእ ሉኡላዊ ስልጣን እትውንን፡ ብዘይ ቀሳቢ ቀይድታት ጉዳያ ባዕላ እተመሓድር፡ ኣብ ገዛእ ርእሳ እትምርኮስ፡ ነጻ ፖለቲካዊ መስመር እትኽተል ሃገር ክትከውን ዝበቕዐት፡ ብብቕዓት ነብሳ እትከላኸል፡ ዘይትድፈር፡ ናይ ህዝባ ስኒትን ሓድነትን ዘውሓሰት፡ ሃገር ማሕበራዊ ፍትሒ እያ። ነዚ ክውንነት እዚ ንድሕሪት ንምምላስ ዝተገብረ ተጻብኦታት'ውን ህዝቢ ኤርትራ ዓቢ ተመኩሮ ቀሲሙሉ እዩ። እቲ ጉዳይ፡ ነብሲ.ወከፍ ዜጋ ብፍላይ ድማ መንእሰይ ክግንዘቦ ዘለዎ እዩ። ሸርሕታትን ተጻብኦን ምልላይ፡ ብርድኢት ምንባር፡ ወናኒ ታሪኽካን መጻኢኻን ምዃን፡ ንሓርነትን ሉኡላውነትን፡ ንዘላቒ ራህዋ ብዝሓየለ ምስራሕ ድማ የድሊ።

መስመራን ድርዕና!

ርሑስ በልዓ ናጽነት!

# ስፖርት

ኣብርሃም የውሃንስ

## ሓሬና ብደቂ-ኣንስትዮ፣ ሳዋ ብደቂ-ተባዕትዮ ዋንጫ ጨቢጦን

ብመሰረት ዓመታዊ ካላንደር መተሓባበሪ ንቅስቓስ ሓብሬታን ሚኒስትሪ ምክልኻል፡ ንመበል ራብዓይ ግዜኡ ክካየድ ዝቖየ ስፖርታዊ ውድድራት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ፡ ብርክት ዝበሉ ተዓዘብቲ ኣብ ዝተረኽብሉ ዕለት፡ ብቐድሚ ትማሊ ኣብ ሜዳ ቦውሊንግ መዓስከር ደንደን ተዛዚሙ።

ኣብቲ ናይ መዛዘሚ ዕለት፡ እተን ንመጋጥምተን ሰዒረን ዝሓለፋ ጋንታታት፡ “ዋንጫ ናጽነት መን ትጭብጦ?” ብዝብል፡ ስፖርታዊ ህልኽ ዝዓብለሎ ርሱን ጸወታ ኣካዪደን።

ኣብ ሕውስዋስ ውድድር ባድሚንተን፡ ሓሬናን ዓምባርቡብን ክራኸባ እንከለዋ፡ ሓሬና፡ ንተዓዘብቲ ብዘማስጠ ጸወታ 2-ብ1 ተዓዊታ። ኣብ ንጽል ደቂ ኣንስትዮ በረፎር ንዓምባርቡብ ኣብ ድርብ ደቂ ተባዕትዮ ድማ ዓምባርቡብ ንበረፎር ብዙመሳሰሊ ወጽኢት 2-ብ0 ንመጋጥምተን ብምርታዕ ተሸለምቲ ዋንጫ ኮይነን።

ንናይ ባድሚንተን ጸወታ ሰዒቡ ዝተኻየደ ‘3ኣን3’ ጸወታታት ኩዕሶ ሰኪዐት፡ ናይ ደቂ ኣንስትዮ ክንፈን ሓሬናን እየን ናብ ሜዳ ወሪደን። ተመጣጣኒ ክእለት ሓዚን ንሜዳ ብምእታወን ጸወታ ዝሕል ኢሉ እዩ ፈሊሙ። ቀስ ብቐስ ናህሩ ብምዝያዱ ግን ህልኽ ክንጸባረቕ ጀመረ። ክለብ ሓሬና ድማ 6-ብ3 ሰዒረንአ። በዚ ኸኣ ክለብ ሓሬና ንበለል ብምሻን ወርቂ መዳልያን ዓባይ ዋንጫ ናጽነትን ክትዓትር እንከላ፡ ክንፈ ካልኣይቲ



ሓሬና

ዓምባርቡብ ሳልሰይቲ ብምዃን ሰዒበንኦ።

ንናይ ደቂ-ኣንስትዮ ጸወታ ሰዒቡ፡ እቲ ከም ኣብ ሜዳ ንደገፍቲ’ውን ኣብ ህልኽ ዘእተዎም ጸወታ ሳዋን ዓምባር-ብን ናይ ደቂ-ተባዕትዮ እዩ ተኻዪዱ። ዓምባርቡብ ድማ ኣብ ቀዳማይ እብረ ዓብሊላ ብምቕራብ ንሳዋ 21-ብ12 ብምርታዕ ዋንጫ ዝወሰደት ክትመስል ንተጻወትትን ደገፍትን ሳዋ ኣብ ሻቕሎት ሸመሙዎም። ደገፍቲ ዓምባርቡብ ተዓዊትና ኢሎም ክጭድሩ፡ ደገፍቲ ሳዋ ኣድና ኣይንሁብን ኢሎም ጥሩምባ ክነፍሑ ንሜዳ ምቖት ዘርኢሉ። ዳግማይ ተወዳዲሮም ንሜዳ ዝኣተዉ ተጻወትቲ ሳዋ፡ በቲ ብዓል ወዕሎት እዛ ጋንታ ምዃኑ ዘማስከረ እስራኤል ሙልጌታ እናተቐለሱ ኣብ ልዕሊ ዓምባርቡብ ናይ 21-ብ14 ዓወት ኣመዝጊቦም። ሳዋ ድማ ተሸላሚት ወርቂ መዳልያን ዋንጫ ናጽነትን ብምዃን ቀዳመይቲ ኩይና። ዓምባርቡብ ካልኣይቲ፡ በረፎር ሳልሰይቲ ብምዃን ድማ ዝተዳለወለን ሽልማት ካብ ኢድ ግዝያዊ ሓላፊ መተሓባበሪ ሓብሬታን ንቅስቓስን ሚ/ምክልኻል ሜጀር ፍስሃየ ተኽለ ተቐቢለን።

ኣብ ውድድራት ቸዝ ደቂ ኣንስትዮ፣ ቀዳመይቲ ሊያ ርእሶም ካብ ክለብ ሰንጥቕ ብምዃን ክትዕወት እንከላ፡ ካልኣይቲ ሚለን ተ/ሚካኤል ካብ ክለብ ዓምባርቡብ፡ ሳልሰይቲ ኤልሳ ሓይልኣብ ካብ ክለብ በረፎር ሰዒበንኣ። ኣብ ናይ ደቂ-ተባዕትዮ፣ እስቲፋኖስ ገ/መድህንን ኢሰያስ ብርሃንን ክልቲኦም ካብ ክለብ ክንፈ ቀዳማይን ካልኣይን ክኾኑ እንከለዉ፡ ቶማስ ኣርኣያ ካብ በረፎር ሳልሳይ ዕወት ኩይኑ። ብጋንታ ድማ ብደቂ ኣንስትዮ ክለብ ዓምባርቡብ ብደቂ ተባዕትዮ ክለብ ክንፈ ዋንጫ ዓቲረን።

ኣብ ውድድራት ባድሚንተን፣ ኣብ ናይ ንጽል ናይ ደቂ ኣንስትዮ ጸወታ፡ ቀዳመይቲ ዳናይት ብንያም ካብ ክለብ በረፎር፡ ካልኣይቲ ዳናይት ፍስሃየ ካብ ክለብ ዓምባርቡብ፡ ሳልሰይቲ ቤተልሄም ኣብርሃም ካብ ክለብ ሸዐላ ተዓዊተን። ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ፣ ሄርሞን ሚካኤል ካብ ክለብ ዓምባርቡብ፡ ፋትኤል ዓንደም ካብ ክለብ ሓሬና፡ ኣቤል ኣብርሃም ካብ ክለብ መኸተ ተዓዊቶም።

ጽምዲ ደቂ-ኣንስትዮ ኣብ ዘካየድኦ ጸወታ፣ ዳናይት ብንያምን ሄቨን ሃይለን ካብ ክለብ በረፎር፡ ዳናይት ፍስሃን ሪም ረድኢን ካብ ክለብ ዓምባርቡብ ቀዳመይትን ካልኣይትን ክኾና እንከለዋ፡ እተን ማናቱ ኣሓት ናይ ክለብ ብድሆ ሰልቫና ኣብሰሎምን ሰሊና ኣብሰሎምን ድማ ሳልሳይ ደረጃ ሓዚን። ኣብ ጽምዲ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ሄርሞን ሚካኤልን ሊዩኑ ሙልጌታን ካብ ክለብ ዓምባርቡብ፡ ሳሙኤል ሃይሉን ቢንያም ገ/ክርስቶስን ካብ ክለብ በረፎር፡ ቅዱስ ጺጋይን ቶማስ እዮብን ካብ ክለብ ሰንጥቕ ካብ ቀዳማይ ክሳዕ ሳልሳይ ደረጃ ሒዞም። ኣብ ሕውስዋስ


ሳዋ

(ወዲ-ተባዕታይን ጓልኣንስተይትን)፡ ሳሙኤል ኣርኣያምን ፍርቱና ኣፈወርቅን ካብ ክለብ ሓሬና ክዕወቱ እንከለዉ፡ ሊዩኑ ሙልጌታን ሪም ረድኢን ካብ ክለብ ዓምባርቡብ፡ ሳሙኤል ሃይሉን ሄቨን ሃይሉን ካብ ክለብ በረፎር ሰዒቦሞም።

ካብ ዕለት ሰለስተ ግንቦት ጀሚሩ ክካየድ ዝቖየ ውድድራት ስፖርት ሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ንምዝዛም ኣብ ዝተኻየደ ጽምብል ጉጅለ ባህሊ ዋልታ፡ ንተዓዘብቲ ስሕብብዊ ምርኢት ኣቕሪባ ።

**ህዝባዊ ርክባት መኮንን ሓበሬታን ንቅስቓስን ሚ/ምክልኻል**

---

## ዘመነ ኣዕዋፍ፡ ኣብ መድረኽ ኤውሮጳ

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

ኩለን ክለባት ኩዕሶ እግሪ ምስ ታሪኸን ብዝተኣሳሰረ፡ ኣፍተን ኣርማ ወይ መለለዪ ከምዝለወን ይፍለጥ።

ሓንቲ ካብተን ኣብ ብርክት ዝበላ ክለባት ዝረአያ ኣርማታት ድማ ናይ እንስሳታት እያ - ማለት ናይ ኣዕዋፍ። ንኣብነት፡ ኣብ ፕሪመር ሊግ እንግሊዝ ሊቨርፑል፡ ክሪስታል ፓላስ፡ ቶተንሃም፡ ብራይተንን ዌስት ብሮምን ገለ ካብተን ዝተፈላለያ ዓይነታት ኣዕዋፍ ከም ኣርማአን ኣብ ማልያአን ዘዝብራ እየን። ናይ ኒውካስል’ውን ናይ ቅድሚ ነዊሕ ዓመታት ኣርማኣ ዑፍ’ያ ነይሩ።

ካብዚን ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሳ ክለባት፡ ክሪስታል ፓላስ፡ ኒውካስልን ቶተንሃምን ክሳዕ’ዚ ቀረባ ግዜ ሓደ ዘመሳስለን ነገር ነይሩ - ንዊሕ ዓመታት ዋንጫ ከይልዓላ ክጉዓዛ ምጽንሐን። ኣብዚ ወቕቲ ግን፡ ዋንጫ ተሓሪምዎ ዝፀንሐ ኩብሐን ጸዋእ ሰቒለናሉ ኣለዋ።

ኒውካስል፡ ዝሓለፈ ወርሒ መጋቢት ንሊቨርፑል 2-ብ1 ብምርታዑ ድሕሪ 56 ዓመታት ኣብ ኩቡሓ ዋንጫ ካራባኦ ካፕ ክትሰቕለሉ ክኢሉ።

ክሪስታል ፓላስ፡ ዝሓለፈ ቀዳም ንማን ሲቲ ኣብ ፍጻመ ጸወታ ኤፍኤ ካፕ 1-ብ0 ምርታዓ ይፍለጥ። ሕልፍ ዝበለ ናይ ልዕሊ ሓደ ዘመን ደርቂ ዋንጫ ድማ ኣጥሊሉ። እዛ ጋንታ፡ ድሕሪ 119 ዓመታት ዋንጫ ከተልዕል ክኢሉ።

እንግሊዛዊት ክለብ ቶተንሃም ድማ፡ ረቡዕ ምሸት ኣብ ፍጻመ ጸወታ ሊግ ኤውሮጳ ንጋል ሃገራ ማንቸስተር ዩናይትድ 1-ብ0 ኣሰኒፋታ እያ። እዛ ካብ 19 ክፍለ ዘመን ጀሚራ ኣርሓ




ደርሆ ከም ኣርማኣ ክኸውን ዝወሰነት ክለብ፡ ድሕሪ 17 ዓመታት ዋንጫ ከተልዕል በቒዓ ኣላ።

ሊቨርፑል’ውን ወላ’ኳ ናይ ነዊሕ ዓመታት ደርቂ ዋንጫ ኣይጸንሓያ፡ ሻምፕዮን ፕሪመር ሊግ እዚ ዓመተ-ስፖርት ኩይና ትርከብ።

እዛ ኣብ ምዝዛም እትርከብ ወቕቲ ድማ፡ ነተን ኣዕዋፍ ዝኣርማአን ክለባት ፕሪመር ሊግ፡ ግዜአን ወይ ዘመነን ኩይናትለን ትርከብ።

በቲ ካልእ ወገን፡ ‘መድፍዕ’ ዝኣርማኣ ኣርሰናልን ሓጺን ዓጢቑ ዝርአ ‘ቀይሕ ሰይጣን’ ዝኣርማኣ ማንቸስተር ዩናይትድን ግን፡ ምስ ዋንጫ ክራኸባ እንተኸኣለን ንዓመታት ክጽበያ ተቐሲበን ኣለዋ።

እዚ ከምዚ’ሉ እንከሎ፡ ቶተንሃምን ተጻዋታያ ዝበረ ሃሪ ኬይንን፡ ጾመ ልጓሞም ኣብ ሓደ እዋን ተፈቲሒሎም ኣሎ። ኬይን፡ ኣብቲ ብሹቶታት ዘጌጸ ፕሮፈሽናል ናይ ጸወታ ግዜኡ፡ ክሳዕ’ዛ ወቕቲ ዋንጫ ኣልዒሉ ኣይፈልጥን ነይሩ። ዝሓለፈ ዓመት ናብ ባየር ሙኒክ ምስ ተሰጋገረ’ውን፡ ኒታ ዋንጫ ናይ ምልዓል ልምዲ ዝበራ ጀርመናዊት ክለብ፡ ለኪሙዋ ተባሂሉ እዩ። ምኽንያቱ፡ ን11 ዓመታት ብተኸታታሊ ንቡንደስሊጋ ትዕወተሉ ከምዝነበረት፡ ኣብታ ንሱ ዝመጽኣላ ዓመተ-ስፖርት ብባየር ለቨርኩሰን ተበሊጻ። ካልእ ናይ ውሽጢ ሃገራ ይኹን ናይ ኤውሮጳ ጸዋእ እውን ኣየልዓለትን። ለሚ ዓመት ግና፡ ዋንጫ ቡንደስሊጋ ንመበል 34 ግዜኣ ብምልዓላ፡ ዝመጸኦ ወርሒ ሓምለ 32 ዓመት ዝመልእ ኬይን ቀዳመይቲ ጸዋኡ ከልዕል በቒዑ።

---

## ርያል ማድሪድ ንሉካ ሞድሪች ነፊጎቶ

ሉካ ሞድሪች፡ ምስ ማድሪድ ዘሎዎ ውዕል ኽንፈጽም ዘቐረቦ ሕቶ፡ ቤታ ክለብ ተቐባልነት ብዘይምርካቡ፡ ጸገሕ ቀዳም ኣብ በርናቡ ምስ ርያል ሶሲዳድ ዘካይዶ ግጥሚ ናይ ላሊጋ ናይ መወዳእታ ጸወታኡ ክኸውን’ዩ።

ብመሰረት ዝዘርጋሕ ዘሎ ሓብሬታ፡ ህልው ውዕል ሞድሪች 30 ሰነ 2025 ዘብቅዕ ብምዃኑ፡ እዚ ተጻዋታይ ድሕሪ ዋንጫ ዓለም ክለባት ምስዛ ጋንታ ኣይክህልውን እዩ።

ኣብ 2012 ጆሴ ሞሪኖ ኣሰልጣኒ እዛ ክለብ እንከሎ ናብ ማድሪድ ዝተጸንበረ ሞድሪች፡ ምስዛ ክለብ ብምዃን ብርክት ዝበሉ ዋናጩ ከልዕል በቒዑ’ዩ። ናይ 2018 ተዓዋቲ ባሎን ዲ ኦር ክኸውን ብምኽኣሉ’ውን ብኽብሪ ዝጽዋዕ ተጻዋታይ’ዩ። እዚ ተጻዋታይ ሽዱሽተ ግዜ ዋንጫ ሻምፕዮንስ ሊግ ብምልዓሉ ምስዩም ዚ ክብሪ ዝጠቕዑ ሓደት ተጻወትቲ ክስራዕ ዝኸኣለ’ዩ። ሞድሪች፡ ልዕሊ ሓደ ዕቑድ ንማድሪድ ብምግልጋሉ፡ ብደገፍቲ ማድሪድ ፍቱው’ዩ። ርያል ማድሪድ፡ ንሉካ ምንዋሕ ውዕል ሞድሪች ብምንጻጋ፡ ዝተፈላለዩ ወገናት፡ “ጨካን ውሳኔ” እናበሉ ይገልጽዎ ኣለው።



ወዲ 39 ክሮኤሻዊ ሉካ ሞድሪች፡ ካብ ማድሪድ ተሰናቢቱ ኣብ ኤውሮጳ ደዩ ክጸንሕ ዋላስ ካልእ ብድሆ ንምፍታን ናብ ካልእ ሊግ ክኸይድ ዝተፈልጠ ነገር የሎን።

---

## ዋንጫ ኤውሮጳ 2028፡ ቀሊል ጉዕዞ ዝብሃል የሎን

ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ኣብ ሻምፕዮን ኤውሮጳ 2028 ንምስታፍ፡ ኣኣንጋዲት ሃገር ከይተረፈት መጻረዪ ውድድር ክትገብር ኣለዋ ብምባሉ፡ ናብ ዋንጫ ኤውሮጳ ንምስታፍ ዝግበር ጉዕዞ ቀሊል ከም ዘይኮነ ይገልጽ ኣሎ።

ናይ ነዊሕ ዓመታት ባህሉ ዝበደፍ ዘሎ ‘ዩኤፋ’፡ እተን ንዋንጫ ኤውሮጳ 2028 ብሓባር ክኣንግዳ ተበጊሰን ዘለዋ፡ እንግሊዝ፡ ስኮትላንድ፡ ዌልስ፡ ሪፓብሊክ ኣየርላንድ፡ ቦታአን ከውሕሳ እንተኾይነን ኣብ መጻረዪ ውድድራት ክሳተፋ ክግደዳ እየን።

ኣብዚ ካብ 2028 ኣትሒዙ ብሓደሽ ኣገባብ ዝካየድ ውድድር፡ 24 ሃገራት ክሳተፋ እየን። ሃገራት ናብዚ ናይ መወዳእታ መድረኽ ንኽበጽሓ፡ ከምቲ ናይ ወትሩ ኣብ ምድብ ተኸፋፊለን መጻረዪ ጸወታ ክካይዳ እየን። ኣኣብ ምድብን ዝዓወታ 12 ሃገራት ድማ ክሓልፋ እንከለዋ፡ ኣኣብ ምድብን ካልኣይ ደረጃ ሓዚን ካብ ዝወጽኣ ሃገራት ከኣ እተን ዝለዓለ ነጥቢ ዘለወን ሸሞንተ ጋንታታት ብቐጥታ ክሓልፋ እየን። በዚ ኸኣ ካብቲ 24 ኮታ 20 ሃገራት ብኸምዚ ዝተገልጸ ኣገባብ ቦታአን ክሕዛ እየን። እቲ ኣርባዕተ ተረፍ ኮታ ድማ፡ በቲ ንኣኣንጋዲት ሃገር ዝወሃብ መተካእታ ቦታን ንዕወትቲ ‘ኔሽንስ ሊግን’ ንመጻረዪ ውድድራት ብቐዕቲ ዘይኮኑ ዝቕጽሉ ወኪ ግጥም (ፕለይ ኦፍ) ክትሓዝ’ዩ።

እዚ ሓድሽ ኣገባብ ንኣኣንገድቲ ሃገራት ዝወሃብ ዝበረ ናይ ብቐጥታ ተሳትፎ ዝሃንቅጽ ይኹን እምበር፡ ማሕበር ኩዕሶ እግሪ ኤውሮጳ ነተን ካብ ምድብን ክሓልፋ ዘይክኣላ ግን ከኣ ጸቡቕ ብቕዓት ዘንጸባርቓ ኣኣንገድቲ ሃገራት፡ ክልተ ኮታ ክሕዝላን እዩ። እዘን ሃገራት በቲ ኣብ መጻረዪ ውድድራት ዘመዝገብኦ ወጽኢት ደረጃ ክተሓዘላን እንከሎ፡ ነተን ክልተ ሳዕለምት ሃገራት ድማ እቲ ዕድል ክወሃበየ። ይኹን እምበር ካብዘን ኣኣንገድቲ ሃገራት ትሕቲ ክልተ ነቲ መጻረዪ ውድድር ዘይሰግራ ምስ ዝኾና፡ እቲ ኮታ ካብ ወጽኢት ናይ 2026-27 ኔሽንስ ሊግ ተወሲዱ፡ ብደቂቕ ምጽራይ ናይ ወኪ ጸወታ ከም ዝካተፉ ክግበር እዩ።

---

## ባርሳ፡ ኮንትራት ሃንሲ ፍሊክስ ኣናዊሓቶ

ጀርመናዊ ኣሰልጣኒ ባርሴሎና ሃንሲ ፍሊክስ፡ ኣብ ግንቦት 2024 እዩ ንክልተ ዓመት ዝጸንሐ ውዕል ብምኽታም መዚኑት ምስልጣን ባርሳ ዝተረከበ።

ኣብ ቀዳማይ ዓመቱ ንባርሳ፡ ዋንጫ ኮፓ ደል ረይ፡ ስፓኒሽ ሱፐር ካፕ፡ ላሊጋ ከም ትዕወት ክገብር እንከሎ፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ድማ ክሳዕ ፍርቂ ፍጻመ ኣብጺሕዋ። በዚ ሰሉሳዊ ዓወቱ ዝተሓጎሱ ኣካየድቲ ባርሴሎና እምበኣር፡ ውዕሉ ክሳዕ ሰነ 2027 ኣናዊሖምሉ ይርከቡ።

ክለብ ባርሴሎና፡ ዚ ምንዋሕ ውዕል ኣመልኪታ ኣብ ዘውጽኣቶ መግለጺ፡ “ሃንሲ ፍሊክስ፡ ኣብ ቀዳማይ ዓመቱ ንደገፍቲ ባርሳ ብብዙሕ ምኽንያት ኣይሰሰትዖም’ዩ። ነዛ ጋንታ ድማ ቅያዊ ምልሶትን ዋንጫን ብምምጻኡ እምነት ከም ዝሀልዋ ገይሩዋ። እዚ ጀርመናዊ ኣብ ቀዳማይ ዓመቱ ፈጢሩዎ ዘሎ ወዕውዒ ስምዒት፡ ባርሴሎና፡ ኣብ መድረኽ ኤውሮጳ ተፈራሒት ጋንታ ክትከውን ኣኽኢሉዋ ኣሎ፡ ” ኢሉ።

ሃንሲ ፍሊክስ፡ ንባየር ሙኒክ ኣብ ዘሰልጠነሉ ዝበረ ግዜ’ውን ኣብ 2020፣ ቡንደስ ሊጋ፡ ዋንጫ ጀርመን፡ ሻምፕዮንስ ሊግ ከም ትዕወት ገይሩዋ ነይሩ’ዩ። እዚ ወዲ 60 ዓመት ኣሰልጣኒ፡ ኣብ መስከረም 2023 ቅድሚ ምስናዑ፡ መዚኑት ምስልጣን ሃገራዊት ጋንታ ጀርመን’ውን ተረኪቡ ነይሩ’ዩ።

“ሃንሲ ፍሊክስ ኣብ ባርሴሎና ታሪኽ ሰሪሑ’ዩ፡ ዝመጽእ ዓመት ከም ዝቕጽሎ’ውን ርግጸኛታት ኢና” ክትብል ድማ ባርሴሎና መግለጺ ኣውጺኣ

# ዜና ዓለም

ዮርዳኖስ ጸጋይ

## ቻይና፡ ኣፍጋኒስታንን ፓኪስታንን ክተሓባበራ ተሰማሚዐን



ህዝባዊት ሪፓብሊክ ቻይና፡ ፓኪስታንን ኣፍጋኒስታንን፡ ኣብ ንግድን ጸጥታን ሓዊሱ ኣብ ዝተፈላለዩ ዓውድታት ስሉሳዊ ምትሕብባርን ንምድንፋዕ ከም ዝተሰማምዓ፡ ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ፓኪስታን ዝሓለፈ ረቡዕ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ ኣፍሊጡ።

እቲ ሚኒስትሪ ኣብቲ ኣብ መራኽቢ ብዙሓን 'ኤክስ' ዝዘርግሖ ሓበሬታ፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ፓኪስታን ኢሻቕ ዳር፡ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ቻይና ዋንግ ዩን ግዜያዊ ሚኒስተር ጉዳያት ወጻኢ ኣፍጋኒስታን ኣሚር ካን ሙታኪን ኣብ ከተማ ቤይጂንግ ዘይወግዓዊ ዝርርብ ከም ዘካየዱ ገሊጹ።

መግለጺ ናይ'ቲ ሚኒስትሪ ወሲኹ፡ ሚኒስተራት ሰለስቲአን ሃገራት፡ ኣብ መንጎ ሰለስቲአን ሃገራት ዲፕሎማሲያዊ ምትሕብባር ንምድንፋዕ፡ ርክቦት ንምሕያል፡ ከምኡ'ውን ንትሕተ ቅርጺ፡ ልምዓትን ንግድን ንምዕባይ ግብራዊ ስጉምትታት ክወስዱ ከም ዝተሰማምዑ ሓቢሩ።

ብዘወሰኸ፡ ፓኪስታንን ቻይናን ብመንገዲ ቁጠባዊ መራኸቢ ቻይናን ፓኪስታንን (CPEC) ኣብሊኖ፡ ንጻለምለኻዊ መደብ ልምዓት ትሕተ ቅርጺ ቻይና ናብ ኣፍጋኒስታን ንምስፋሕ ተሰማሚዐን ኣለዋ።

ኣብ ምጅማር ናይ'ዛ ወርሒ እዚኣ ብጣሊባን ዝምራሕ መንግስቲ ኣፍጋኒስታን፡ ብመንገዲ ሚኒስትሪ ወሽጣዊ ጉዳያቱ ኣቢሉ ኣብ ዘውጸኦ መግለጺ፡ ሃገሩ ምስ ፓኪስታንን ቻይናን ኣብ ሓድሕዳዊ ምክብባር ዝተሞርከሰ ዝምድና ክህልዋ ድሌት ከም ዘለዋ ገሊጹ ነይሩ።

## እስራኤል፡ ኣብ ልዕሊ ናይ ወጻኢ ዲፕሎማሰኛታት ተኹሲ ከፊታ

ዝሓለፈ ረቡዕ ወተሃደራት እስራኤል ኣብ ልዕሊ'ቶም ናብ መዓስከር ስደተኛታት ጀኒን - ምዕራባዊ ገማግም ምብጻሕ ዝካየዱ ዝነበሩ ልዕሊ 20 ዝጽሑ ናይ ወጻኢ ዲፕሎማሰኛታትን ጋዜጠኛታትን ናይ መጠንቀቕታ ተኹሲ ከም ዝኸፈቱ ተሓቢሩ።

እቲ ዑደት ብሰብ መዚ ፍልስጤም ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ካብ ዓባይ ብሪጣንያ፡ ካናዳ፡ ፈረንሳ፡ ዓዲ ጥልያን፡ ስጳኛ፡ ቻይና፡ ጃፓን፡ ሜክሲኮ፡ ግብጽን ካልኦት ሃገራትን ዝመጽኡ ልኡኻት ዝሓቖፈ እዩ ነይሩ።

በቲ ብወተሃደራት እስራኤል ዝተተኮሰ ጠያይት ኣብ ሰብ ዝወረደ ጉድኣት ከም ዘየለ ግን ተፈሊጡ ኣሎ።



ሰራዊት እስራኤል፡ እቶም ልኡኻት ካብቲ ዝተመደበሎም መስመር ወጺኦም ናብ ንጡፍ ናይ ውግእ ዞባ ድሕሪ ምእታዎም፡ ካብቲ ቦታ ንምርሓቕ ኣብቲ ቦታ ዝነበሩ ወተሃደራቱ ናይ መጠንቀቕታ ተኹሲ ከም ዝተኮሱሎም ገሊጹ።

በቲ ዝተፈጥረ ዘይተሓሰበ ኩነታት ከም ዝሓዘኑ ድማ እቲ ሰራዊት ወሲኹ ሓቢሩ።

ሚኒስትሪ ጉዳያት ወጻኢ ርእሰ-ምምሕዳር ፍልስጤም ግን፡ ነቲ ብወተሃደራት እስራኤል ዝተወስደ ስጉምቲ 'ምጥሓስ ኣህጉራዊ ሕጊ' ክብል ኮኒኑዎ ኣሎ።

መራሕቲ ዝተፈላለያ ሃገራት ከኣ ንተግባራት እቶም ወተሃደራት ብትሪ ብምኹናን፡ ካብ ሰብ መዚ እስራኤል ወግዓዊ መብርሂ ክወሃቦም ጸዊዖም ኣለው።

ብፍላይ ሓላፊት ፖሊሲ ጉዳያት ወጻኢ ሕብረት ኤውሮጳ - ካያ ካላስ ነቲ ኣብ ልዕሊ'ቶም ዲፕሎማሰኛታት ዝተወስደ ስጉምቲ "ዘይቕቡል ተግባር" ክትብል ድሕሪ ምግላጻ፡ ሰራዊት እስራኤል ነቲ ጉዳይ ሓላፍነት ክወስደሉ ኣተሓሳሲባ።

## ኢራን፡ ምስ ሩስያ ንዝኸተመቶ ስትራተጂያዊ ስምምዕ ኣጽዲቓቶ

ባይቶ ኢራን ሃገሩ ምስ ፈደረሽን ሩስያ ንዝኸተመቶ ስምምዕ ኩሉ መዳያዊ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ዝሓለፈ ረቡዕ ከም ዘጽደቖ ሓቢሩ።

እዚ ብባይቶ ኢራን ዝተወሰደ ውሳኔ ክልተኣዊ ርክብ እተን ሃገራት ንምዕማቕ ሓጋዚ ከም ዝኾነ እዩም ክኢላታት ዝገልጹ ዘለው።

እቲ ን20 ዓመታት ዝጸንሕ ስምምዕ ስትራተጂያዊ ሽርክነት ፈደረሽን ሩስያን ኢራንን፡ ብዓብላሊ ድምጺ ኣባላት ባይቶ ከም ዝጸደቐ ዝገለጸ ዘሎ።

እቲ ስምምዕ ዝሓለፈ ወርሒ ጥሪ እዩ ብፕረዚደንት ኢራን ማሱድ ፔዝሽኪያንን ሩስያዊ መዘናኡ ቭላድሚር ፑቲንን ኣብ ከተማ ሞስኮ ተኸቲሙ።

ታሕተዋይ ባይቶ ሩስያ'ውን ኣብ ወርሒ ሚያዝያ ነቲ ውዕል ምጽዳቑ ይፍለጥ።

እቲ ውዕል፡ ንሓባራዊ ምዕባለ ምክልኻል፡ ጸጥታ፡ ፋይናንስ፡ መጓዓዝያ፡ ኢንዱስትሪታት፡ ሕርሻ፡ ባህሊ፡ ሳይንስን ቴክኖሎጂን ናይ'ተን ሃገራት ሕጋዊ ቅርጺ ዝትሕዝ ምኳኑ ተሓቢሩ ኣሎ።

ብመሰረት እቲ ውዕል፡ ሩስያን ኢራንን ካብ ካልኦት ሃገራት ንዝመጽእ "ናይ ጸጥታ ስግኣታት" ንምምካት ሃንሓድሕደን ክተሓጋገዛን ስሊያዊ ሓበሬታ ክለዋወጣን እየን።

ኢራንን ፈደረሽን ሩስያን ብምዕራባውያን ሃገራት ንዝወሰኻለን ዘሎ ተደጋጋሚ ማዕቀባት ብምብዳህ፡ ኣብ ዝተፈላለየ ዓውድታት ምትሕግጋዝን ከይልድላ ክኣለን እየን።



## ሰኔጋል፡ ናይ ግዳም ሓይልታት ትሰጉግ

ቀዳማይ ሚኒስተር ሰኔጋል ዑስማን ሶንኮ፡ ኣብ ሃገሩ ዓስኪሮም ዝርከቡ ናይ ግዳም ሓይልታት፡ ክሳብ መወዳእታ ዝመጽእ ሓምለ ምሉእ ብምሉእ ክወጹ ጸዊዑ።

ኣብዚ እዋን እቲ እንኮ ኣብ ሰኔጋል ዓስኪሩ ዝርከብ ናይ ግዳም ሓይሊ ሰራዊት ፈረንሳ ኮይኑ፡ ነቲ ዝጥቀመሉ ዘሎ መደብራት ንሰብ መዚ ሰኔጋል የረክቦ ምህላዉ ተፈሊጡ ኣሎ።

እቲ ቀዳማይ ሚኒስተር ወሲኹ፡ ኣብ ሰኔጋል ወተሃደራዊ መዓስከራት ደኩሃን ንዝርከብ ሃገራት፡ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ሰራዊተን ምሉእ ብምሉእ ክስሕብ ከም ዘፍለጠን ብምጥቃሱ ድሮ'ውን እቲ ናይ ምውጻእ መስርሕ ጀሚሩ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

ዑስማን ሶንኮ፡ ልኡላውነት ሰኔጋል ንምውሓስ ክብል ናይ ግዳም ሓይልታት ካብ ሃገር ክወጹ ጸውዒት ከም ዘመሓላለፈ ብምሕባር፡ ካልኦት ሃገራት ኣፍሪቃ እውን ተመሳሳሊ ስጉምቲ ክወስዳ ኣተሓሳሲቡ።

ከም በርኪናፋሶ፡ ማሊን ኒጀርን ዝኣመሰላ ሓያሎ ሃገራት ምዕራብ ኣፍሪቃ፡ ብሰንኪ ፈረንሳ ኣብ ግብረ ሽበራ ከተርእዮ ዝጸንሐት ዘይርጡብ ኣተሓሕዛ፡ ምስታ ሃገር ዝጸንሐን ወተሃደራዊ ዝምድና ብምብታኽ፡ ምስ ፈደረሽን ሩስያ ተመሳሳሊ ዝምድና ክምስርታ ድሌት ከም ዘለወን እየን ዝሕብራ ዘለዋ።



## ትራምፕ፡ ግዙፍ መከላኸሊ ሚሳይል ክሃንጽ ወጢኑ

ፕረዚደንት ኣመሪካ ዶናልድ ትራምፕ፡ ንሃገሩ ካብ ዝኾነ ክፋል ዓለምን ጠፈርን ተወንጨፎም ክመጹ ካብ ዝኽእሉ ሚሳይላት ክከላኸለላ ዝኽእል፡ ምስ ህዋ ዝተተሓሓዘ ድርዒ ክሃንጻላ ምዃኑ ቃል ብምእታው፡ ብደረጃ ሃገር 'ወርቃዊ መከላኸሊ' ዝተሰምየ ኣብ ምክልኻል ሚሳይላት ዘተኮረ ሓዲሽ መደብ ብወግዒ ከም ዘበገሰ ኣፍሊጡ።




ፕረዚደንት ትራምፕ ወሲኹ፡ ንድፊ ናይ'ቲ ንክህንጽ 175 ቢልዮን ዶላር ወጻኢታት ዝሓትት መከላኸሊ ድርዒ፡ ምስ ህሉው መሳርዕ ምክልኻል ሃገሩ ዝሰኒ ምዃኑ ድሕሪ ምግላጹ፡ እቲ ናይ መከላኸሊ ስርዓት ቅድሚ ምዝዛም ካልኣይ እብረ ስልጣኑ ተግባራዊ ክኸውን መደብ ተታሒዙ ከም ዘሎ ሓቢሩ።

እቲ ክህነጽ ተወጢኑ ዘሎ መከላኸሊ ሚሳይላት፡ ንህሉው መሳርሒታት ምክልኻል እታ ሃገርን ቴክኖሎጂያዊ ምዕባለ መጻኢ ወለዶን ዘጣመረ ኮይኑ ክሰርሕ ምዃኑ'ውን ተፈሊጡ ኣሎ።

ቤት ጽሕፈት ባጀት ታሕተዋይ ባይቶ ኣመሪካ፡ ኣብ ውሽጢ 20 ዓመታት ጠቕላላ ወጻኢታት እዚ ክህነጽ ተመዲቡ ዘሎ ስርዓተ መከላኸሊ ሚሳይላት ካብ 161 ቢልዮን ክሳብ 542 ቢልዮን ዶላር ክበጽሕ ከም ዝኽእል ኣሚቱ።

| ተረኛ ፋርማሲ | ዕለት | ጎደና | ቁ.ስልኪ. |
|---|---|---|---|
| ፋርማሲ ሚለኒዮም | 23/05/2025 | ጎደና ባሕሪ ባራ 191 ቁ.ገዛ 8፡ ማይ ጭሆት ትሕቲ መስጊድ | 07153448 |

ፋርማሲ ቁ.1 መዓልታውን ለይታውን ኣገልግሎት ትህብ　　ቁ.ቴሌፎን 127565